
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.223 | ሰሉስ 19 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3



ስነ-ጥበብ መኸተ

ገጽ 4





ስእላዊ ዓምዲ

ገጽ 5 ምህዞን ሰንዓን ንዝበረኸ...





ገጽ 7 ምልክታ


# መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን፡ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም

መራሕቲ ዝተፈላለያ ሃገራትን መንግስታትን፡ ብምኽንያት ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ጋና ጆን ድራማኒ ማሃማ፡ ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ፈረንሳ ኤማንዌል ማክሮን፡ ጠቕላሊ ኣመሓዳሪ ሓባራዊ ሃብቲ ኣውስትራልያ ሳም ሞስቲን፡ ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ግብጺ ዓብደልፈታሕ ኣልሲሲ ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕና፣ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ሰላምን ብልጽግናን ተመንዮም።

እቶም መራሕቲ ኣብ'ቲ ብስሞምን ብስም ሃገራቶምን መንግስታቶምን ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ዝምድና ምስ ኤርትራ ንምምዕባል ዝለዎ ድሌት'ውን ኣረጋጊጾም።

ፕረዚደንት ዓብደልፈታሕ ኣልሲሲ ወሲኹ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ግብጽን እናማዕበለ ንዝመጸ ድልዱል ታሪኻዊ ዝምድና ብምምጓስ፡ ብዝግበር ክልተኣዊ ምምኽኻርን ምውህሃድን፡ ንረብሓ ክልቲኡ ህዝብታት ኣብ ዘገልግል ዝተፈላለየ መዳያትን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ጉዳያትን ናብ ዝበረኸ ደረጃ ከምዝበጽሕ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ፊሊፒንስ ተሬሳ ላዛሮ ብወገና፡ ናብ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተመሳሳሊ መልእኽቲ ሰዲዳ።

ብዘይካ'ዚ፡ መራሕቲ ንግስነት ስዑድያ፡ ንግስነት ሆላንድ፡ ሪፓብሊክ ማልታ፡ ሪፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃን ሪፓብሊክ ፓኪስታንን፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ንጉስ ስዑድያ ሰልማን ቢን ዓብደልዓዚዝን ወራሲ ዓራት መሓመድ ቢን ሳልማንን፡ ንጉስ ሆላንድ ዊልየም-ኣለክሳንደር፡ ፕረዚደንት ማልታ ሚርያም ስፒተሪ ዴቦኖ፡ ፕረዚደንት ደቡብ ኣፍሪቃ ማታሜላ ሲሪል ራማፎዛ፡ ከምኡ'ውን ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ባይቶ ፓኪስታን ሳርዳር ኢያዝ ሳዲቕ ኣብ መልእኽቶም፡ "ኣብ'ዛ ዕዙዝቲ ዕለት ናጽነትኩም፡ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ የሃና ክንብል ከለና ሓበን ይስመዓና" ክብሉ፡ ሰናይ ምንዮቶም ገሊጾም።

ኣብ'ቲ ብስሞምን ብስም መንግስታቶምን ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ሰላምን ራህዋን ብምምናይ፡ ክልተኣዊ ዝምድናታት ንምምዕባልን ናብ ሓድሽ ናይ ምትሕግጋዝ መድረኽ ክብ ንምባሉን ዘለዎም ቅሩብነት ኣረጋጊጾም።



# ባጽዕ - መንእሰያት ሰራሕተኛታት ብዝተፈላለየ ዓውድታት ተመሪቖም

ኣብ ባጽዕ ተደኲኑ ዝርከብ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት፡ ምስ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብምትሕብባር - ብዓውድታት ኤለክትሮኒክስ፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይትን፡ ምርባብ ኮምፕዩተራት፡ ስርዓት-መዘሓሓልን መወዓዓይን፡ ከምኡ'ውን ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር ብዮብርን ክልሰ-ሓሳብን ዘሰልጠኖም 153 መንእሰያት፡ ብ14 ግንቦት ኣመረቐ።

ኣብ'ዚ መበል 11 ዙርያ መመረቕታ፡ ምኽትል ዳይረክተር ናይ'ቲ ማእከል ኢንጅነር ኣኽሊሉ ኣስመሮም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሃኮሰኤ ብሓፈሻ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ ድማ ብፍላይ፡ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገርና ንዝመጽኡ ሓደርቲ ስልጠንቲ ብውሑድ ቀጽሪ ተቐቢሉ የሰልጥን'ኳ እንተነበረ፡ ካብ 7ይ ዙርያ ጀሚሩ ግና እቲ መደብ ምስ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብምትሕብባር ይካየድ ምህላዉን ብዝሒ ሰልጠንቲ እናበረኸ ይመጽእ ከምዘሎን ብምግላጽ፡ ኣብ ንጥፈታቶም ንዘደገፍዎም ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ዕዮ ኣቶ ወልደየሱስ ኤሊሳ ብወገኑ፡ ሃኮሰኤ ሞያዊ ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ክብ ንምባል ዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ጉዕዞ ምርግጋጽ ቁጠባዊ ዕብየት ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ኣብ ዝተዋፈሩሉ ስራሕ ኣበርክቶኦም ከዕዘዙ ትጽቢት ከምዝግበረሎም ኣዘኻኺሩ።





ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ኣቶ ተስፋይ ስዩም ብወገኑ፡ ሞያዊ ስልጠና ንዝላቑን ዘተኣማምንን ምዕባለ ደራኺ ስለዝኾነ ብዕቱብ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ብወገን ሃኮሰኤ ንዝኾየድ ዘሎ መደባት መጉሱ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ትምህርቶም ጸብለል ንዝበሉ ሽልማት ክዕደል ከሎ፡ ብሰልጠንቲ ዝፈረየ ንምርኢት ቀሪቡ።

ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ፡ ኣብ ዝሓለፈ 11 ዙርያታት፡ ብዓውድታት ኤለክትሮኒክስ፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይትን፡ ምርባብ ኮምዩተራት፡ ስርዓት-መዘሓሓልን መወዓዓይን፡ ከምኡ'ውን ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር ዘሰልጠኖም 545 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 1,770 መንእሰያት ከምዘመረቐ፡ ሰነዳቱ የነጽር።

ጽንዓትና ዋሕስና! !صمودنا... ضماننا

OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE!

ዜና

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ንልዕሊ 270 ዜጋታት መጥባሕቲ ሓበላ ዓይኒ ተኻዪዱ

ጨንፈር ጥዕና ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ምስ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ ብምትሕብባር፡ ኣብ ከተማ ዓሰብ ንልዕሊ 270 ዜጋታት መጥባሕቲ ሓበላ ዓይኒ ኣካዪዱ።

ሓላፊ ሃገራዊ መደብ ምቁጽጻር ዐረት ኣቶ ኣሰም ዘካርያስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብሃገር ደረጃ ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ 2,925 መጥባሕቲ ሓበላ ዓይኒ ከምዝተኻየደ ብምጥቃስ፡ እዚ ኣብ ዓሰብ ዝተኻየደ ኣካልን መቐጸልታን ናቱ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ ክኢላ መጥባሕቲ ዶ/ር ኢዮብ በየነ ብወገኑ፡ ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ብመልክዕ ወፍሪ መጥባሕቲ ሓበላ ዓይኒ ክካየድ እዚ ንካልኣይ ግዜ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሳላ ምትሕብባር ኣብ'ቲ ዞባ ዝርከቡ ሞያውያንን ኣመሓደርትን እቲ መደብ ዕዉት ከምዝነበረ ኣብሪሁ።

ሜዲካል ዳይረክተር ሆስፒታል ዓሰብ ኣቶ ሓሰን ዓሊ ብወገኑ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ኣርባዕተኦን ንኡሳን ዞባታት - ኣብ 52 ዓድታት ዳህሳስ ከምዝተኻየደ ብምሕባር፡ ብመሰረት'ቲ ዳህሳስ ብቐሊሉ ዝፍወስ ሕማማት ዓይኒ ንዘጋንፉ መድሃኒትን መነጽር ዓይንን ከምዝተዓደለ፡ ኑዩም መጥባሕቲ ዘድልዮም ድማ ቁጽራ ተዋሂብዎም ከምዝጸንሑ ሓቢሩ።

እቲ ሆስፒታል ዓጢቕዎ ዘሎ መሳርሒታትን መሻርኽቲ ኣካላት ዝገበርዎ ምድግጋፍን ኣብ ምዕዋት ናይ'ቲ መደብ ዕዙዝ ኣበርክቶ ከምዝነበሮ'ውን ኣቶ ሓሰን ኣረዲኡ።

መጥባሕቲ ዝተገበረሎም ዜጋታት ብወገኖም፡ ቀደሚ ናጽነት ኣገልግሎት ሕክምና ዓይኒ ንምርካብ ንዘጉበርዎ ዝነበሩ ነዊሕ ጉዕዞን ወጻኢታቱን ብምዝካር፡ ኣብ'ዚ እዋን ብዝያዳ'ቲ ኣብ ከባቢኦም ዝረኽብዎ ዘለዉ ስሩዕ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ብመልክዕ ወፍሪን ብናጻን ኣገልግሎት መጥባሕቲ ዓይኒ ምርካቦም እፎይታ ከምዝፈጠረሎም ኣብሪሆም።



# ድግ - ነበርቲ፡ ኣብ ልምዓታዊ ንጥፈታት ንዝተዋፈሩ እንግዶት ገይሮም

ኣብ ንኡስ ዞባ ድግ - ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ሓሻኪቶን ኬሩን፡ ኣብ ልምዓታዊ ንጥፈታት ንዝተዋፈሩ ኣባላት ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ህዝባዊ ሰራዊትን ንምትብባዕ እንግዶት ገይሮም።

ብመሰረት ዝረኸብናዮ ሓበሬታ፡ ኣባላት ኩባንያ ህንጻ ሰገን ኣብ ጽገና መስመር ድግ - ሳዋ፣ ኣባላት ህዝባዊ ሰራዊት ድማ ኣብ ሩባ ሃዋዊም - ከባቢ ኬሩ ንሰብን ጥሪትን ዘገልግል ዲጋ ኣብ ምስራሕ ተዋፊሮም ኣለዉ።

ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዓብዱልከሪም ዑመር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ሓሻኪቶን ኬሩን ዝወሰድዎ ተበግሶ፡ ኣብ'ቲ ዝትግበር ዘሎ መደባት ልምዓት ድፍኢት ከምዝፈጥር ሓቢሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣቶ ቴድሮስ ጉብረማርያም ንመስርሕ ህንጸት'ታ ብምትሕብባር ህዝብን ህዝባዊ ሰራዊትን ትስራሕ ዘላ ዲጋ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ቦታ ኣቐዲሙ ብክኢላታት ሕርሻን መሻርኽቲ ኣካላት መንግስቲን ተጸኒዑ ዝተመርጸ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ብጽቡቕ ይቕጽል ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ድግ ኣቶ ሁመድ ኤላ ብወገኑ፡ እቲ ዝትግበር ዘሎ መደባት ልምዓት ኣብ ምዕባለ ናይ'ቲ ከባቢ ዘሀልዎ ኣስተዋጽኦ ብቐሊል ከምዘይጥመት ብምጥቃስ፡ ኣባላት ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ኣባላት ህዝባዊ ሰራዊትን ኑቲ ስራሕ ንምዕዋት ንዘጉበርዎ ዘለዉ ኣበርክቶ መጐሰ።

ኣብ መወዳእታ፡ ደገፍ ንዘበራ ምምሕዳራት ከባቢ ናይ ምስጋና ወረቐት ተዓዲሉ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

# ኣስማጥ - ስልጠና ምሕደራን መሪሕነትን ተዋሂቡ

ኣብ ኣስማጥ፡ ኣብ ኩለን ናይ ማእከላይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ብደረጃ ኣኪያዲት ኣካል ዝርከቡ መምህራንን ሓለፍቲ መንእሰያት ውዳቤታት ምምሕዳራት ከባቢን ንዝርከብዎም ልዕሊ 40 መንእሰያት፡ ስልጠና ምሕደራን መሪሕነትን ተዋሂቡ።

እቲ ስልጠና፡ መጽኢታ ፖሊቲካን ስነ-ሓሳብን፡ ምሕደራን መሪሕነትን ከምኡ'ውን ሚሊታት ምብህሃል ዘጠቓለለ ነይሩ።


ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣዛዚ በረኸትኣብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ብመሰረት ናይ 5 ዓመት ስትራተጂካዊ ውጥን ማሕበር ዝተወደበ መደብ፡ ክርኣ ንዘጋንሐ ድኻምት ንምእራም ዝዓለመ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ኣብ ቦታ ስርሖም ንጥፈታቶም ክሐይሉ ተላቢዑ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ኣቶ መሓረና ተኽለኣብን ሓላፊ ፖሊቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ምሉእ ተስፋማርያምን ብወገኖም፡ ሰልጠንቲ ብዘቐሰምዎ ትምህርቲ ኣብ ምንቃሕ መንእሰያትን ምሕያል ውዳቤታቶምን ኣድላዪ መሪሕ ተራ ክህልዎም ኣዘኻኺሮም።



# ጽንዓትና ዋሕስና!

## ዝርግሐ ኣገልግሎት ጥዕና

















ስእሊ-ስውእ የማነ ኣብርሃ
ታእዛዝ ኣብርሃ
ክብሮም ጸሃየ
ዳኒኤል ወልዱ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

# ሽባብ

ሃማመተኤ

# “ምህዞን ሰንዓን ንዝበረኽ ልምዓት!”

## ሳልሳይ ሃገራዊ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን

20 - 21 ግንቦት 2026 ኣብ ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት (ጁንየር)

ሃማመተኤ፡ ምስ ድምቀት መበል 35 በዓል ናጽነትና ብምስናይ፡ ካብ 20-21 ግንቦት 2026 ካብ ኩለን ዞባታት ዝመጹ መንእሰያት መሃዝትን ሰናዕትን ዝሳተፍዎ፡ ሳልሳይ ሃገራዊ ውድድርን ምርኢትን ምህዞን ሰንዓን ከካይድ'ዩ። ኣብቲ ኣጋጣሚ እቶም ልዕሊ ክልተ ዓመት ምስ ምህዞን ሰንዓን ዝተኣሳሰር ሞያዊ ስልጠና ክወስዱ ዝጸንሑ መንእሰያት'ውን ክምረቑ'ዮም። እቲ 20 ግንቦት ኣብ ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት (ጁንየር ክለብ ነበር) ዝኽፈት ዓብዩ ሃገራዊ መደብ፡ ብርክት ዝበሉ ዕዱማት ኣጋይሽ፡ መንእሰያትን ተመሃሮን ክሳተፍዎ'ዮም።

ሃማመተኤ፡ ኣብ ነንበይኖም ኣጋጣሚታት፡ ብመንእሰያት ንዝቐረቡ ውጽኢት ምህዞን ሰንዓን ዝኾኑ ስርሓት ኣፍልጦ ክህብ ጸኒሑ እዩ። የተባብዕ፡ መንፈስ ተወዳዳርነት የሐይል። ከም ሃገር ከኣ ብሸነኹ ዝሓሸት ሎሚ ፈጢሩ፣ ትስፍውቲ ጽባሕ ንምቕራጽ ዕዙዝ ተራ የበርክት። ነዚ ብልጭ ዝበለ ክስተት፡ ድምቀቱ ከየህሰሰ ዘላቒ ንክኸውን ዕቱብ ናብዮትን ምሕብሓብን ይሓትት።

ቀጻልነቱ ብውሑስ መንገዲ ንምርግጋጽ፡ ብትካላዊ መልክዕ ምምእካሉ ግድን'ዩ። ንዘሎ ዕቑር ዓቕሚ መሃዝትን ሰናዕትን ኣለሊኻ፡ ምርኢት ኮነ ውድድራት ጥራሕ ብምስራዕ ግን ጫፍ ባህጊ ክረጋገጽ ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ተበግሶ ብውጽኢት ዝልካዕ ክሳብ ዝኾነ፡ ኣብ ዕለታዊ ህይወት ብግብሪ ህላወኡ ከንጽባርቖ ይግባእ። ኩሎም ኣካላት ሕብረተሰብ፡ በብዓውዶም ነዚ ዘዐንግል ተበግሶ ክወስዱ ይጠልብ።

መሪሕ ዕላማ ሃማመተኤ፣ ምንቃሕ፡ ምውዳብ፡ ምዕጣቕ ክሳዕ ዝኾነ እዚ ናይ ምህዞን ሰንዓን ዕማም፡ ኣብቲ “ምዕጣቕ” ዝብል ኣምር'ዩ ዝሕቆፍ። እቲ ዕጥቂ ንኸይዘልቕ፡ ጸኒዑ ንኽቕጽል ዉዱብ መልክዕ ንኽሕዝ ድማ ናብ ሓደ መደምደምታ ደፊኡ። ምምስራት ማእከል ምህዞን ዋኒን!

ራኢ፡ ተልእኾ፡ ክብርታት፡ ብቕዓት፡ ሸቶን ዕላማታትን ንምንጻር ዘኽእል ውጥን ንምቕራጽ፣ ኣብ 2023 መተግበሪ ስትራተጂ ብመንገዲ ክኢላታት እቲ ዓውዲ ነዲፉን ብመንገዲ ዝተፈላለዩ ዓውደ ዘተታት ነቲ ሓሳብ የሀብቲሙ






ኣርቂቑን። ምስቲ ኣብ መስርሕ ደፋእ እናበለ ብተመክሮ ዝሕይል ዝነበረ ናይ ምርኢትን ውድድርን ሸነኹ ማዕረ ማዕረ ንምስጓም ኣንቂዱ።

እዚ ማእከል እዚ ቀዳምነቱ ሃገራውን ሕብረተሰባውን ረብሓ ብምግባር፣ ተሳትፎ ጥሙር ፈጠራዊ ክእለት መንእሰያት ምብራኽ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ፍታሕ ንዘምጽኡ ፈጠራዊ ሓሳባትን ተበግሶታትን ምትብባዕ፡ መንእሰያት ዋኒን ብምብጋስ ናይ ሸቕለት ዕድላት ክፈጥሩን ብቑጠባ ነብሶም ንኽኽእሉን ባይታ ምጥጣሕ፡ ከይዱ ከይዱ ከኣ እኛም መንእሰያት ኣብ ልምዓታዊ መደባት ሃገር ንምርግጋጽ ዝብሉ መሰረታውያን ኣዕኑድ ንምትካል ነቲ ጉዕዞ ኣንቂሉ። እዚ ምቕሉል ዕላማ እዚ ምስ ዝምልከቶም መሻርኽቲ ብምውህሃድ ግብራዊ ከምዝኸውን ግን ዘይጉሰ ሓቂ'ዩ።

ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት ሃማመተኤ፣ ንዝንቀዶም ዕላማታት ተጨበጥቲ ንምግባሮም መልክዕ ንጥፈታቱ ከሎ ጌና ከነጽር ነይርዎ። ክለባት ምህዞን ሰንዓን ኣብ ዞባታት ብምቛም፡ ምምማይ ብሉጽ ሓሳባትን ብደረጃ ሃገርን ዞባን ብምስራዕ፡ ስልጠና ፡ ምኽርን ኣልያን ብምክያድ፡ ብመንገዲ መራኸቢ ብዙሓን ንኣብነታውያን መንእሰያትን ብሉጽ ስርሓቶም ምስ ህዝቢ ምልላይ፣ ብሉጽ ሓሳባትን ስርሓትን ብመንገዲ ሓገዝን ልቓሕን ናብ ትግባረን ፍርያትን ምስግጋር . . . ኣብ ዝብሉ መሰረታውያን ናይ ትግባረ ውጥን ከፋፊሉ'ዩ ዘካይድ።

ኣብ 2022 ከምኡ'ውን 2023 ኣብ ዞባታት ማእከል፡ ደቡብን ዓንሰባን ንመሃዝትን ሰናዕትን መማእዘንቲ ስልጠናታት ብምሃብ፣ ስርሑ ኣሃዱ'ሉ ፈሊሙ። በዚ መሰረት ብደረጃ ዞባ ኣሰናዳእቲ ሽማግለታት ከም ዝቖማ ተገይሩ። እዚ ድሕሪ ምውዳዱ፡ ኣብ 2023 ከካብ ዞብኦም ተጻርዮም ዝሓለፉ መሃዝትን ሰናዕትን ዝተሳተፍዎ ቀዳማይ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን ክሰርዕ በቒዑ። እቲ ኣብ ማእከል ቦታ ተበላሓትነት ዝኾነት መደበር ኣስመራ ዝተኻየደ መደብ፣ ምስ ክውንነት'ቲ ቦታ ተዛሚዱ ቀስቃሲ ነይሩ። ዝጀመረ ተበግሶ ንቐጻልነቱ ዘተንብህ መልሰ ዕንጋለ ምስ ተዓጥቀ፣ ምስ'ተን ኣቐዲመን ሱታፌኤን ዘውሓሳ ሰለስተ ዞባታት፣ ዞባ ጋሽ ባርካ ናይ ውሽጢ ምጽራይ ብምስልሳል ከምኡ'ውን ክልተ ዞባታት ቀይሕ ባሕሪ ብቐጥታ ተሳተፍተን ብምልኣኸ፣ ኣብ 2025 ንመበል ካልኣይ ግዜ ሃገራዊ ምርኢትን ውድድርን መሃዝትን ሰናዕትን ብዕዉት መንገዲ ንምክያድ ተኻኢሉ።

ማእከል ምህዞን ዋኒንን መንእሰያት፣ ካብ እተፈላለያ ትካላት ብዝተዋጽኡ 14 ክኢላታት ዝቖመ ቦርድ ደያኑ ኣለዎ። ስልጠናታት ንተምሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃታት፣ ኣብ ሰለስተ ደረጃታት ከፋፊሉ ይህብ። ውድድር ፈጠራዊ ሓሳብ ድሮ ኣካይዱ፣ ብመንገዲ መራኸቢ ብዙሓን ኣቢሉ ተበጻሕነቱ ንምስፋሕ'ውን ኣብ መስርሕ ይርከብ።

ሳሙኤል መንግስትኣብ

## ምህዞን ሰንዓን ንጉዕዞ ምዕባለ ዘቀላጥፉ ሰባዊ ዋኒናት

ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣካል ጥንታዊ ስልጣነ ብምዃኑ ኣብ እእዋኑ ካብ ዝነበረ ደረጃ ምዕባለ ድሒሩ ኣይፈልጥን። ኣብ ዝነውሐ መዋእሉ ኣህላኺ ምዕባለ ዘይኮነስ ኣበርካቲ እናኾነ ከም ዝተጓዕዘ ካብ ታሪኽ ንርዳእ። ናይ ፈጠራውነት፡ ምህዞን ሰንዓን ታሪኽ መንእሰያት ኤርትራ ካብ ምምሃዝን ምምዕባልን ፈደላት ክሳብ ሕርሻን መተዓየዩኡን እንትላይ ናይ መስኖ ተክኖሎጂ፡ ካብ ምምስራሕ ዘቤታዊ ናውቲ ክሳብ ረቂቕ ጥበባት ስእልን ሙዚቃን፡ ካብ ኣፋውስ ክሳብ መመላኽዒታት ወዘተ ዝዝርጋሕ፡ ንማሕበራዊ፡ ባህላውን ቁጠባውን ሂወት ደቂ ሰብ ዝትንክፍ ምዃኑ ሓድግታቱ ይነግሩ። መንእሰይ ኤርትራ ፈጠራዊ፡ መሃዚን ሰናዕን ምዃኑ ኣብቶም ዝሓለፉ ጽጉማት ወቕቲ ናይ ታሪኹ ኣመስኪሩ እዩ።

ድሕሪ ናጽነት ኣብ ነበይኖም ኣጋጣሚታትን ፌስቲቫላትን ብተመሃሮን መንእሰያትን ክቐርቡ ዝጸንሑ ናይ ምህዞን ሰንዓን ስርሓት ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ልዕሊ'ቲ ዝቐርብ ትሕዝቶ፡ ንሸግር ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘለልዩን ንምፍትሑን ንምቅላሉን ድቃስ ዝሰኣኑን ተመሃሮን መንእሰያትን ነፍሪ ከም ዘለና ዘመልክት ስለ ዝኾነ ክንሕበን ይግባእ። ብሸግሩ ወይ ጸገማቱ ዝሸገሩ ወለዶ ከፍሪ ዝኽኣል ሕብረተሰብ ምስ ሸግሩ ኣይነብርን'ዩ። ኤርትራ፡ ሓጺን ቀጥቂጡ፡ ገመድ ኣላጊቡ፡ ዕንጨይቲ ጸሪቡ፡ ቀመም ኣቃሚሙ ተኣምር ዝሰርሕ ፈጠራዊ ሰብ ውሒድዋ ኣይፈልጥን'ዩ። ዝመጸ ሓድሽ ተክኖሎጂ ንምምላኹ'ውን ንሸግር ህዝቢ ኣይኮንናን። ኤርትራዊ ፈጣሪ ወይ ኣማዕባሊ እምበር ቀዳሒ ኣይኮነን።

ኣገዳስነት ምቕዳሕ ተክኖሎጂ ከይተዘንግዐ እቲ ቀያሪ ተራ ዝጻወት ግን ፈጠራውነት፡ ምህዞን ሰንዓን ምዃኑ ታሪኽ ምዕባለ የረድኣና። ሓሳባውን ተክኒካውን ብቕዓት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ክዕንብብ ከም ዝኽእል ምእማን ወሳኒ'ዩ። ተመኩሮ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝኾነ ሰብ ክኢላ ክኸውን፡ ዝኾነ ነገር ከኣ ናብ ጥቕሚ ክውዕል ከም ዝኽእል ዘርኣየ መድረኽ'ዩ። ሜዳ ኤርትራ ንፈጠራዊ ብቕዓት ኤርትራውያን ክሳብ መወዳእታ ጸንቂቑ ኣብ ጥቕሚ ብምውዓሉ ንዓበይቲ ኮርፖረሽናት ዘደነቑ ተጋደልቲ ፈጢሩ'ዩ። ጀርመናዊ ኩባንያ መፍረ መካይን ኣብ ለማጽ ጽርግያ ጥራይ ክኸዳ ዝሰርሐን ዓበይቲ መካይን ኣብቲ ዘይጥጡሕ ስንጭሮታት ሳሕል ክኸዳ ምስ ረኣየ፡ ተመሊሱ ነቲ ብተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ዝተገብረለን ምምሕያሽ ተማሂርሉ'ዩ። ኣብ ናይ ኩናት ተሸከርከርትን ዝተፈላለዩ ኣጽዋርን ዝተገብረ ምምሕያሽ ውን መመላእታ ጥራይ ኣይነበረን። ኣብ ህንጻ፡ ኣብያተ ዕዮታት፡ ጋራጃት፡ ሕክምናን መድሃኒትን ኣገራሚ ብቕዓትን ክእለትን ተመስኪሩ'ዩ። ኣካልን ኣእምሮን ተሻሪኾ ክምህዞ ዘይክእል ነገር ከም ዘየለ ተራእዩ'ዩ።

ኣብ ኤርትራ ፈጠራውነት፡ ምህዞን ሰንዓን ዓሚቕ ሕብረተሰባዊ ሰረት ኣለዎ። ናይ'ዚ መርኣያ፡ ኣብ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ናይ ሃገርና ፍርያት ጽቡቕ ዝኾነ ኣኽብሮት ኣሎ። ‘ናይ ሃገርና'ዩ ጽቡቕ’ ዝብል እምነት ሰፊሕ'ዩ። ኣብ ውሽጣዊ ፍርያትና ዘሎ ምትእምማን ንመሃዝትን ሰናዕትን ዓቢ ድርኺት ዝፈጥር'ዩ። እዚ “ናይ ሃገርና'ዩ ጽቡቕ”፡ “ናይ ሃገርና'ዩ ጥዑም”፡ “ናይ ሃገርና'ዩ ዉሑስ” ዝብል እምነት ሰቕ ኢሉ ዝመጸ ኣይኮነን። ዝሓለፉ ፈጠርቲ፡ መሃዝትን ሰናዕትን ብሉጽን ተወዳዳርን ስራሕ ብምቕራብ ዘጥረይዎ ዝና ክሳብ ሎሚ እናተመሓላለፈ ዝመጸ'ዩ።

ክእለት ይኹን ሓሳብ ሃብቲ'ዩ። ማሕበራውን ቁጠባውን ምሕየሻ ኣብ ምርግጋጽ ዘለዎም ኣበርክቶ ከኣ ቀሊል ኣይኮነን። መሬት፡ ጉልበት፡ ርእሰማል ከም ቀንዲ ረቛሕቲ ናይ መፍሪ ወይ መፍጠሪ ሃብቲ እናተባህሉ ንዓመታት ክንገረና ድሕሪ ምጽናሕ ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ሓሳብ-ፈጠራዊ ሓሳብ- ከም ራብዓይ ረቛሒ ሰላሕ እናበለ ቦታኡ ኣውሒሱ ይርከብ። ናይ ምሕሳብ ክእለት ኣብ ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ክድንፍዕ እንታይ ክንገብር ኣለና ኢልና ዕቱብ ዘተ ከነካይድ እዋኑ ዝጠልቦ'ዩ።

ብተበግሶን ተወፋይነትን ዘይተሰነየ ፍልጠት ጽቡቕ ንዋላ ሓደ እዩ። ኣእምሮ ሰብ ፍልጠት ዝቕመጠሉ ስፍራ ኣይኮነን። ፍልጠት ወይ ሓበሬታ







ንኣድሕዱ ዝራኸበሉ፡ ዝጋጨወሉን ዝሕቆነሉን ቦኽሪ'ዩ። ሕብረተሰብና ንዘበናት ዓጢቕዎ ዝጸንሐ ናውቲ ማእቶት፡ ኣተሓሕዛን ኣተሃናንጻን ኣባይቲ፡ ዘቤታዊ መተዓየዩታት፡ ኣጠቓቕማ ማይ፡ ስርዓት መጎዓዝያ፡ ኣተሓሕዛ ጎሓፍ፡ ኣጠቓቕማ ጸዓትን ካልኦት ንማሕበራውን ቁጠባውን ሂወትና ብዓቢ መጠን ዝጸልዉ መዳያት ኣተኩሮ መሃዝትን ሰናዕትን ዝጽበዩ ዘለዉ እዮም። እቲ ዕላማ ንስለ ምህዞ ዘይኮነ ንጭቡጥ ጸገማትና ዝፈትሕ ወይ ዘቃልል፡ ዕምሪ ኣገልግሎት ዝውስኽ፡ ጽባቐ ዝፈጥር፡ ጥቕውና ዘዐቢ፡ ኣፍራይነት ዝውስኽ፡ እንልለየሉ ብሉጽን ተወዳዳርን ፍርያት ንምቕራብ ዝሕግዝ ክኸውን ኣለዎ።

ፈጠራውነትን ምህዞን ሰንዓን ተመላላእቲ እምበር ሓደ ኣይኮኑን። ፈጠራውነት ሓድሽን ኣደናቕን ሓሳብ ምፍልፋል ከመልክት እንከሎ፡ ምህዞ ኸኣ ነዚ ሓድሽን ኣደናቕን ዝኾነ ሓሳብ ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ ኣገባብ'ዩ። ምስናዕ ከኣ ነቲ ድሮ ኣብ ኣገልግሎት ዘሎ መተዓየዩ ወሲኽካ ወይ ኣመሓይሽካ ደረጃኡ ምውሳኽ፡ ኣድማዕነቱ ምዝያድ፡ ኣተገባብራኡ ምቕላል ማለት'ዩ። ፈጠራውነት ንነገራት በቲ ዘይተለምደ መዳይ ብምርኣይ ንምህዞን ሰንዓን ይደፍእ። ከምዚ እናበሉ ፈጠራውነት፡ ምህዞን ሰንዓን ንሓድሕዶም እናተመጋገቡ ንጉዕዞ ምዕባለ ዘቀላጥፉ ሰብኣዊ ዋኒናት ይኾኑ።

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ነዞም ንኹነታትና ዝምጥን ሓድሽ ሓሳብ፡ ፍታሕ፡ መስርሕ፡ ፍርያትን ኣሰራርሓን ንምትእትታው ህርግድ ዝብሉ መንእሰያት ሓሳባቶምን ፍርያቶም ዘቕርብሉ ባይታ ኣብ ምስፋሕን ምክትታልን ክገብሮ ዝጸንሐ ስራሕ ዝምስገን'ዩ። ኣብ ኣእምሮ ተመሃሮን መንእሰያትን ተቐቢሩ ዝተርፍ ፈጠራዊ ሓሳብን ኣብ ምዓላ ከይወዓለ ዝተርፍ ክእለትን ከይህሉ ኣብ ምፍታሽ ካብ ዘለዎ ንላዕሊ ክህርኩት ድማ ትጽቢት ንገብረሉ። ናይ ተመሃሮን መንእሰያትን ኣኻእሎ፡ ፈጠራውነት፡ ክእለት፡ ተበግሶ ከይተቐጽየ ናብ ዝለዓለን ዝበሰለን ደረጃ ዝበጽሓሉ መገዲ ኣብ ምጽራግ ኣተኩሮ ሂቡ ክሰርሓሉ ምዃኑ፡ ኣበጊስዎ ዘሎ መደባት ኣንፉቲ'ዩ። ክእለት ኮስኳስ ይደሊ'ዩ።

ስምኦን ወልደሚካኤል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

መሓሪ ጉደፋ ገብረኣምላኽ፡ ኣቦሓጎይ ወልደማርያም ሃብተማርያምን ዓየይ ወለሽ ኣስፍሃ ገብረኣምላኽም ስለዝዋረዱ፡ ኣነ ንወላዲተይ ብምትካእ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን ምስ 2 መወትቲ ሓትኖታተይ 7 ተተካእቲ ደቀን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣለም ዳኖም ነጋሽ ምግል ተሪፉ፣ ኣለም ዳንው ነጋሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፈያሩዝ ተኽለሃይማኖት ዓንደ ምግል ተሪፉ፣ ፈያሩዝ ተኽለማርያም ዓንደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንያት ጕንጨ ገብረመድህን፡ ኣቦ ደቀይ ዳዊት የማን ግደ ስለዝተሰወኣ፡ 3 ደቁ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትብለጽ ሓየሎም ደሰሆቕ፡ ብዓል ቤተይ ተወልደብርሃን ገረዝጊሄር መብራህቱ ስለዝዋረደ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ቤቱ ሳምሶም ዳዊት ምግል ተሪፉ፣ ቤተልሄም ሳምሶን ዳዊት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ደሃብ ሃይለ ቀላቲ ምግል ተሪፉ፣ ደሃብ ሓጎስ ንጉሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲት ወ/ሮ ራሄል ሚካኤል ፍስሃጼ ብወከል ኣቶ ሚካኤል ፍስሃጾ ገብረሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም የማነ የውሃንስ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ሄዋን ኣማኑኤል ሃይለ ኣመና ምግል ተሪፉ፣ ሄዋን ኣማኑኤል ኣብርሃም ሰገድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተንስአ ተኽለ ዓይላይ፡ ኣቦይ ተኽለ ዓይላይ ዋልን ኣደይ ዛይድ ገብረእግዚኣብሄር ክንፈን ስለዝዋረዱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ተስፋሚካኤል ኪዳነ ምግል ተሪፉ፣ ናይዝጊ ተስፋሚካኤል ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣድያም ኪዳነ ገብረየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋኣለም ሃብተ ተኽላይ ስለዝዋረደ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኴላ

ቀሺ ዑቕባእዝጊሄር ተስፋማርያም ወልዱ ምግል ተሪፉ፣ ቀሺ ዑቕባዝጊ ተስፋማርያም ወልዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቢንያም ኣያብ ፍስሃ ምግል ተሪፉ፣ ሰለሙን ኣያብ ፍስሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጽገወይኒ ዓስዮም ወልደሩፍኤል ምግል ተሪፉ፣ ዮዲት ዓስዮም ወልደሩፋኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ልቺ ተወልደ ተስፋይ ምግል ተሪፉ፣ መርሃዊት ተወልደ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣበዮም ገብረየሱስ ገብረመድህን ምግል ተሪፉ፣ ኣበዮም ገብረያናስ ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስታልበናት ዓብደልዋሃብ ዕመር ምግል ተሪፉ፣ ስቲ ዓብደልዋሃብ ዕመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትዕበ ወልደሚካኤል ሰለሙን ምግል ተሪፉ፣ ሚካል ወልደሚካኤል ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ወልደስላሴ ኣብድ መሓሪ ምግል ተሪፉ፣ ወልዲት ኣብድ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ከሳሲት ቀምሻ መሓመድ ሳልሕ፡ ተኸሳሲ ሰዒድ ኢብራሂም፡ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን25/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣሕመድ ሽፋ ሳልሕ ምግል ተሪፉ፣ ኣሕመድ መሓመድሽፋ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፈትሓልባሪ ኢብራሂም ዓብደላ ምግል ተሪፉ፣ ፈትሒ ኢብራሂም ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳዑድ ጀማል ሲዒድ ምግል ተሪፉ፣ ማስዑድ ጀማል ሲዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳዑዳ ሳልሕ መሳ ምግል ተሪፉ፣ ጀምዓ ሳልሕ መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ዘርኡ ኣድጎይ ወልደየውሃንስ፡ ሓፍትና ጽጋይ ኣድጎይ ወልደየውሃንስ ስለዝዋረደት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምና መናድር ስብሃቱ ምግል ተሪፉ፣ ኣሚና መናድር ስብሃቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ስብሃትልኣብ ዘርኣይ፡ ብዓል ቤተይ ቀለተ ዓንደሚካኤል ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ክብሮም ዘርኣይ ተስፋማርያም ምግል ተሪፉ፣ ኣዝርያ ዘርኣይ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓሊ ሰዒድ መሓመድ ምግል ተሪፉ፣ ዓሊሰዒድ መሓመድዓሊ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሮዳስ ስቡሓት ረድኢ፡ ኣቦይ ረድኢ ገብረማርያም ስለዝዋረደ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ሓመድ ዕስማን ምግል ተሪፉ፣ ዑስማን መሓመድኑር እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ኣልጋሽ ሃብተ ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ መድሃን ዘርኣያስ ተኽለማርያም ስለዝዋረደ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቀይ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ትርሓስ ዓንደገርግሽ ተስፋጼን፡ ስም ወደይ ያፌት ሙሴ ማእከለ ምግል ተሪፉ፣ ያፌት ፊልሞን ጴጥሮስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮማ ተስፋዝጊ ዑቕባዝብርኤል ምግል ተሪፉ፣ ሰገን ተስፋዝጊ ዑቕባዝብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ያፌት ሰለሙን ክፍላይ ምግል ተሪፉ፣ የሴፍ ሰለሙን ክፍላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ፋኒኤል ገብረሚካኤል ወልደሚካኤል ምግል ተሪፉ፣ ፊሊሞን ገብረሚካኤል ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትርሓስ ገብረሚካኤል ወልደሚካኤል ምግል ተሪፉ፣ ማርያሙ ገብረሚካኤል ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኢሳም ኣርካ ሻውሽ ምግል ተሪፉ፣ ኣባዝር ኣርካ መሓመድ ሻውሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓሊ መሓመድ እድሪስ ምግል ተሪፉ፣ ዓሊ ማሕሙድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

እብራሂም መሓመድ ሓምድ፡ ስም ኣደይ ፋጥና መሓመድዓሊ ሓምድ ምግል ተሪፉ፣ ኣምና ዑስማን ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑስማን መሓመድ ሓምድ፡ ስም ኣደይ ፋጡማ መሓመድዓሊ ሓምድ ምግል ተሪፉ፣ ኣምና ዑስማን ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዘይናብ ሓምድ፡ ስም ኣደይ ፋጥና ዓብደላ ጀህራይ ምግል ተሪፉ፣ ፋጥና እድሪስ ተከብሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ማእከል ምምሕዳር ንኡስ ዞባ በሪኽ ዓዲ ጻዕዳ እምባ፡ ብስም ጀማል ማሕሙድ ሮመዳን፡ ዚፕ ኮድ 1B7646 ፕሎት 42 ፓርሰል M ጠቕላላ ስፍሓት 500 ት/ሜትሮ ዓይነት ህንጻ ተራ ገዛ ዘሎ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዩ ቑጽሪ ንብረት 1BRBRK010236/0 ብዕለት 01/08/2025 ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ ናብ ኣቶ መብራህቱ ደብረጸዮን ተስፋማርያም ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ናብ ስሙ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ'ውን ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ። ተቓውሞ ምስ ዘይቀርብ ግን ጉዳይና ክፍጸም ምዃኑ ነፍልጥ።

መብራህቱ ደብረጸዮን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

1.4.1 ልዋም ኣማኑኤል ምስዮን 1.4.2 ቤትኤል ኣማኑኤል ምስዮን 2.4 ሰናይት እስቲፋኖስ 3.4 ፍናን ምሕረትኣብ 3.2 ሻዛ ምሕረትኣብ 3.3 ዳኒኤል ምሕረትኣብ 3.4 ሰናይት ምሕረትኣብ 3.5 ብርሃ ምሕረትኣብ ነ/ፍ ኣቦ መንግስትኣብ ነ/ፍ ዛይድ መንግስትኣብ ወከል ኣብርሀት ጉብረንጉስ፡ ኣብ ልዕሌኹም ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ወከል ሰምሃር በርሀ፡ ሶልያና በሺል መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ኢክራም በሺል መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ ይቕረብ።

ሙብራት ሰራጅ ሳልሕ ምባል ተረፉ፡ ኑራ ሰራጅ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ ይቕረብ።

ምሕረት ኣብርሃ መንኣና፡ ስም ኣደይ ትብርሀ ግርሙ ምባል ተረፉ፡ ትብርሀ ጉብራይ ግርሙ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ ይቕረብ።

ሰሌማን ሳልሕ ሰዒድ፡ ተጸዋዕቲ 1.ኣድም እድሪስ ሓምድ 2.ኢብራሂም እድሪስ ሳልሕ 3. እድሪስ ሳልሕ ሰዒድ፣ ተጸዋዕቲ 1-3 ናይ ወክልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል 26/5/26 ኣብ 10ይ መጋባእያ ቁ38 ቅረቡ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣምና ሓሰን እድሪሰ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሑሴን መሓመድ ዓሊ፡ ናይ ቀሰብ ቀልዓ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል፡ ን25/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ኣብ ቤ/ ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ክብሮም ተወልደ ወልደታትዮስ ምባል ተረፉ፡ ክብሮም ተወልደ ጭኖም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቅሳት ገብረገዮርጊስ ገብረእግዚኣብሄር፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብርሃም ገብራይ ባየራሰላ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል፡ ን29/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ተከኤ ተክለማርያም ፍሩ፡ ትንሳኤ ሓሰቡ ገረዝክኤል ምባል ተረፉ፡ ትንሳኤ ዓሰቡ ገረዝክኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ ይቕረብ።

ኣቶ ድራር እዮብ ድራር፡ ኣቦይ እዮብ ድራር ኣምሓራይ ኣብ ከተማ ከረን 07 ከበ. 04 ቀዋሚ ንብረት ገዛ መወከሲ ቊ.307333 እተመዝገበ መንበሪ ገዛ ብህያብ ስለዝሃበኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ህድኣት ጉብረኣብ ኣወዓሎም፡ ኣቦይ ጉብርኣብ ኣወዓሎም ከፍሎም ስለዝዓረፈ፡ ከምኡ'ውን ኣዴና ታቦቱ ንጉሰ ወልደጋብር ስለ ዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓንዶም ኣብርሃለይ ሓይራ፡ ስም ኣቦይ ኣብርሃም ሓይራ እመሃ ምባል ተረፉ፡ ኣብርሃለይ ሓይራ እመሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ከሳሲ ኣሸብር ጸጋይ ጉብሩ፡ ተኸሳሲት መድሃኒት ካሕሳይ በላይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል፡ ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ኣብርሃም ኣቡዲ መዝገቡ፡ ኣደይ ደርጋኣለም ወልደትንሳኣኤ ጉብረ ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኮነ ገንዘብ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ኣኽበረት ሙብራህቶም፡ ስም ኣደይ ትርሓስ ኣኽሊል በርሀ ምባል ተረፉ፡ ኣበባ ሓጎስ ደሴታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

መንሱራ መሓመድ ሰዑድ ሰዒድ ሓምድ ምባል ተረፉ፡ መንሱራ መሓመድሰዒድ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅሮ ናይ ዕድመ ብጻል ጸጋ ኣቦና ኣቶ ግደይ ጉብረሚካኤል መሸሻ፡ ካብ ከተማ መንደፈራ ናብ ደርዓንቶ ብምኻድ ዘቃበርኩምና ኣብ ጉዳና ካብ ግዜ ሕማሙ ጀሚርኩም ክሳብ ግዜ ዕረፍቲ ዝተመላለስኩም ከምኡ'ውን ካብ ወሽጦን ወጻእን ሃገር ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና መራሕቲ ሃይማኖትን ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ብጻልቲ ቤቶም ወ/ሮ ሙብራት ገ/ዋህድ
ምስ ደቆም ኣቶ መድሃኔ ግደይ
ኣቶ ተስፋስላሴ ግደይ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዝዩ ዘፍቅርን ዘኽብርን ብጻል-ቤተይ ኣቶ ወልደገርግሽ በላይ ዑቕባጋብር፡ ዝተሰመዓና ሓዘን፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ኣብ ገዛ ብምምልላሱ፡ ምስ ዓረፈ ኣብ ዓዲ ሰጉዶ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ወጻኢን ወሽጢ ሃገርን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና መቕርብን ፈተውትናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ።

ብጻልቲ ቤቱ ሰናይት ተስፋልደት ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅሮ ኣቦና ዘርእዝጊ ምስዮና ትንሳኤ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዕረፍቱ ክሳብ ደቂ ዘርኡ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ጉዳና ብምምልላስን ካብ ወሽጦን ወጻኢን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

### ምስጋና



ብመስዋእቲ ዘፍቅራ ክብርቲ ብጻልቲ ቤተይ ተጋዳሊት ህይወት ዳዊት ሃይለ (ደብረጽዮን) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሕማማ ዝሓገዝኩምናን ዝተመላለስኩምን፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ኣብ ጉዳና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ደገን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና።

ብጻል ቤታ ተጋ/ሰለሙን ፍሱሓ (ወዲ ጋንዲ)
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር ሓውና ኣቶ ቴድሮስ የዕበዮ ተኽለ (ወዲ ሮማ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ዕረፍቱን ኣብ ምልኣኽ ሬሳን ዝተሓባበርኩምና ብፍላይ ኤርትራውያን ተቐማጦ በሎኛ ኢታልያ፡ ኣብ ጉዳና ብምምልላስን ተሌፎን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና፣ ክሳብ ዓዲኻሎም ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነማስየን፣ ሓዘንና ከምዝገለጽና ንሕብር።

ኣሕዋቱ ኣቶ ሚካኤል የዕበዮ፡ ወ/ሮ ወይኒ የዕበዮ ምስ ምሉኣት ቤተሰብ ነማስየን

### ምስጋና



ብሃንደበታዊ ሞት እሰይ ኣብርሃም ስዩም፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ሬሳ ኣብ ምልኣኽ ዝተሓባበርኩምና ኤምባሲ ኤርትራን ማሕበረሰብን ከምኡ'ውን ተቐቢልኩም ክሳብ ዓዲ ጉዕቦ ን/ዞባ መንደፈራ ዘቃበርኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ወላዲኡ ኣብርሃም ስዩም
ምስ ብጻልቤቱ ኪዳን ብርሃ
ምሉኣት ስድራቤት

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እንፈትዋ ኣዴና ለተብርሃን ረዳ ባይሩ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ወቕርቲ ዘቃበርኩምናን ብቴሌፎንን ብኣካልን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራቤት

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንን ብፍ/በ/መሳል ኣቶ ተኸስተ ሃይለ ገዝሀይ፡ ወከል ወ/ሮ ኣስቴር ተኸስተን፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ 1.ኣስቴር ተኸስተ ሃይለ 2.ኣቶ ቢንያም ተኸስተ ሃይለ 3.ወ/ሮ ፊሽን ተኸስተ ሃይለ ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ 2.ኣቶ ቢንያም ተኸስተ ሃይለ 3.ወ/ሮ ፊሽን ተኸስተ ሃይለ ንጹር ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ቀረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ት ንግስቲ ገብረኣዝጊ ብርሃ፡ ኣሞይ ነፍ/ሓረገ ብርሃ ወልደገብርኤል ስለዝዋረሰት፡ ብዕለት 13/03/2012 ብቑ.70/2012 ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ዞባ ማእከል ብምቕራብ ኑቲ ኣብ ኣስመራ ዞባ 3 ምም/06 ጎደና ሓድግ ጊላጋብር ቁ.ገዛ 123 ስፍሓት መሬት 150 ት/ሜ ቁሎታ 111 ቁ.ፓርቸላ ዕ ብዮምሽን ኣብይቲ ብቑምስኩር ወረቐት 100719 መወከሲ ቁጽሪ 105883/105884 ዝተመዝገበ ዘይቀሳቐስ ንብረታ፡ ንዓይን ንሓፍተይ ሉተሚካኤል ገብረኣዝጊ ብርሃን ለዋ ስለዝፈጸመትልና ወረሰታ ምዃንና ክረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ምሕረትኣብ ገብሩ ኣብርሃም፡ ኣቦይ ገብሩ ኣብርሃም ሕመድን ኣደይ ሉተሚካኤል ወልደትንሳኤ ሓማድን ስለዝዋረሱ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረሰቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ወ/ሮ ዛህራ መሓመድ ዓሊ፡ ስም ኣደይ ባህረት ኢብራሂም ዒሳ ምግል ተረፉ፡ በርሀት ኢብራሂም ዒሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ኣቶ ሳምሶም ግደይ ገብረየሱስ፡ ኣደይ ኣሾሉ ወልዱ ረዳ ስለዝዋረሰት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ 5 ተተኻእቲ ወረሰቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ኢሰያስ ኣብርሃ ብርሃ ምግል ተረፉ፡ ኢሰያስ ኣብርሃም ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ኣቤል ማሰፍን ኣበበ ምግል ተረፉ፡ ርቤል ማሰፍን ኣበበ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ምሕረት ሓድግ ጊላጋብር፡ ኣደይ ሉተብርሃን ብርሃ ወልደገብርኤል ስለዝዋረሰት፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ንግስቲኣብ መንግስትኣብ ሙብራህቱ፡ ምግል ተረፉ፡ ንግስቲኣብ መንግስትኣብ ሙብራህቶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ።

ለድያ ረዘነ ማእከል፡ ኣደይ ታብቱ ሓጎስ በየነ ስለዝዋረሰት፡ ኣነ ጥራይ ወረሰት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ጸጋዘወት ወልደጋብር ወልደሚካኤል፡ ገብርሄላ ወልደሚካኤል፡ ኣዴና ለታይ ፍስሓጽዮን ተኽለ ስለዝዋረሰት፡ ከምኡ'ውን ሓፍትና ማሰቀላ ወልደጋብር ወልደሚካኤል ስለዝተሰወኣት፡ ንሕና ወረስተን ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ ኣብርሃም ተኽሉ፡ ብዓል ቤተይ መም/ ርእሶም ተኽለሃይማኖት ካሕሳይ ስለዝዋረሰ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርኽቲ ግደ ሃብተጋብር፡ ኣማኑኤል ዑቕባሚካኤል ስለዝዋረሰ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ከሳሲት ሳራ እስቅያስ ገብረተኽሉ፡ ተኸሳሲት የርዳኖስ ማሰፍን ረዳኢ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኪ. ስለዚሉ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.39 ቀረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲ ኣቶ ተኽለማርያም የማነ ሃይሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ትኩእ ጺጋይ ዑቕባዝጊ፡ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ. ስለዚሉ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ቀረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ኣዝመራ ሃብተስላሴ ብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋየወሃንስ ገብራይ በርሀ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣቶ ክብሮም ካሕሳይ ክፍላይ፡ ኣደይ ሉተብርሃን ኣብርሃም ተስፋማርያም ስለዝዋረሰት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ወ/ሮ የዌሽ ኣሰፍሃ ወልደየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ኣማኑኤል ብርሃ ተወልደ ስለዝዋረሰ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልማዝ ዘሙይ ተድላ፡ ኣቦይ ዘሙይ ተድላን ኣደይ እዝጊሄርያ ፎቶን ስለዝዋረሱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓዳስ ሃይለ ምግዘ፡ ብዓል ቤተይ ሰሎሙን ክፍለ ኢማም ስለዝዋረሰ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ካሳሁን ተሰፉ ወንድም፡ ኣደይ ይሕደጋ ተኸስተ መተካን ስለዝዋረሰት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይን 1ተተካኢ. መዋቲ ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ወ/ሮ ሃና ገብረትንሳኤ ወልደሚካኤል፡ ኣቦይ ገብረትንሳኤ ወልደሚካኤል ወልደገርግሽን ኣደይ ርብቃ ትኣምርት ዑቕባልደትን ስለዝዋረሱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ሚካኤል በርሀ ምሳየና፡ ብዓልቲ ቤተይ ርብቃ ተሰፋጋብር ስለዝዋረሰት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋቢያ ይቕረብ።

መንግስተኣብ ጺጋይ ክፍሉ፡ ኣደይ ወ/ሮ ሃይማኖት ነጋሲ ካሕሱ ስለዝዋረሰት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ኣልጋሽ ዘርእሰናይ ሃብተሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ መጋቤኣእላፍ ቀሺ. እስቲፋኖስ ተኽለ በየን ስለዝዋረሰ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቐም ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ቲ ቱቲ በሩኖ፡ ብፍ/በ/ መሳል ብርሃ ኣሰፍሃ ጸገዙኣብ፡ ናይ ፈጻሚ መዝገብ ተኸፊቱ ስለዘሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ቀረቡ፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብርሃም ኣረፋይነ ገብየሱስ፡ ብዓልቲ ቤተይ በላይሽ ኣማኑኤል ገብረስላሴ ስለዝዋረሰት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ከምኡ'ውን ሓፍታ ወ/ሮ ርዛ ኣማኑኤል ገብረስላሴ ወረሲታ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ገብረንገስ ክፍለማርያም ሰርጹ፡ ኣዴና ሓዳስ ሃብተ ምሕረተኣብ ስለዝዋረሰት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ተማ/ሰብለ ብርሃ ወልደገብርኤል፡ ስም ኣደይ ምብራቕ ተሰፋማርያም ምግል ተረፉ፡ ኣልማዝ ተሰፋይ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሰመርኣብ ዑቕባጋብር የውሃንስ ምግል ተረፉ፡ ሩፋኤል ዑቕባጋብር የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ጸሃይ መሓሪ ኪዳ፡ ኣደይ ለምለም በለጠ ስለዝዋረሰት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋቢያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ፍሎሪዳ ዘርእሰናይ ፍትዊ ምግል ተረፉ፡ ፍሎሪዳ ሰናይ ፍትዊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ወ/ሮ ኣብዲት ዞሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ የውሃንስ ገብረ ምራጭ ስለዝዋረሰ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽለ ተስፋህይወት ገብረማርያም፡ ስም ኣደይ ሉተብርሃን ጆቫኒ ፍስሃየ ምግል ተረፉ፡ ሉቱ ጆዋኒ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳራ ሰመረ ኣብርሃለይ ምግል ተረፉ፡ ሳሮን ኣንገሶም ሓደሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ደሃብ ክፍሎም ሓጎስ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ቶማስ እዮብ ኣርኣያ፡ ናይ ሞግዚትነት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ኣኽበረት ገብረየሱስ ወዲ፡ ብዓል ቤተይ በየን ገብረሂወት ተስፋስላሴ ስለዝዋረሰ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብርሃጽዮን ገብረዝጊ ወለድና ገብረዝጊ. ሃብተስላሴ ግደን ሉተብርሃን ገብረሚካኤል ሃብተማርያምን ስለዝዋረሱ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣዜብ ታፍላ ወልዱ፡ ኣደይ ምሻሹ ጺጋይ ባራኡ ስለዝዋረሰት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ 6 ድማ ተተካእቲ ደቂ መዋቲ ሓውና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰናይ ሚካኤል ምግል ተረፉ፡ ሰናይ መሓሪ ጎደፈ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ሃብቶም ተስፋዝጊ ገብረኣብ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ፍረወይኒ ርእሶም፡ ናይ ገዛ ምልቃቕ ክሲ ተመስሪቱልኪ. ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሪፖርታዥ

# ክወራረስ ዘለዎ ዘሐብን ታሪኽ ስፖርት ኤርትራ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ከም ኣካል ናይ'ቲ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ንመበል 35 ጽንበል ናጽነት ኤርትራ ንምድማቕ ኣብ መላእ ሃገር ዝካየድ ዘሎ ሰፊሕቲ ንጥፈታት፡ ብመተካእታ ሓበሬታን ኣሰናዲን ማሕበረሰብ ምክልኻል ዝተዳለወ ንንኡዝ 100 ዓመት ስፖርት ሃገርና ዝደህሰስ ስእላዊ ኤግዚብሽን ትማሊ 18 ግንቦት ብክቡር ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ - ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ሰዓት ትሸዓተ ብወግዒ ተኸፊቱ። እቲ ምርኢት ኣብ ጎደና ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዝርከብ


ዮናስ ሃይለ (ፒፖ)

ክፉት ቦታ ቀሪቡ ዘሎ ኮይኑ "ኣልማዝዊ ኣያብልዩ ታሪኽ ስፖርት ኤርትራ" ብዝብል ቴማዩ ተዳልዩ ዘሎ።

ኣብ'ቲ ናይ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት ሚኒስተር ህግደፍ ኣቶ ኣብርሃ ኣስፋሃ ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ዕድመ ዝተጉብረሎም ኣጋይሽን ካብ ወሽጥን ደገን ዝመጹ ጉዳይም ስፖርተኛታትን ዝርከብዎም ተሳቲፎም። ጀነራል ፊልጶስ ወልደዮውሃንስን ዕዱማት ኣጋይሽን ድማ፡ ነቲ ዝቐረበ ኣሰኣል ስፖርተኛታት፡ ኣብ'ቲ ዓውዲ ብዘጥፍኡ ዝሰሩን ዘለዉን ሞያውያንን ክኢላታትን መብርሂ እናተዋህቦም፡ ሓደ ብሓደ ተዓዚቦምዎን ኣድናቖቶም ገሊጾምን።

እቲ ሰፊሕ ናይ ቤትሮ ፍሬም ተገይሩሉ ዝተዳለወ ክሳብ 300 ዝጸሓ ኣሰኣል፡ ነቶም ኣብ ስፖርት ሃገርና እጃም ዘበርክቱ ክሳብ ዝለዓለ ብቕዓትን ደረጃን ዝጸሓ ብዙሓት ዘለዉን ዘየለዉን ስፖርተኛታት ዝሓቘፈ ኮይኑ፡ ተዘክሮታትካ ንድሕሪት መለሱ ኣብ ዝኽሪ ሓሳብ የእተዉካ'ሞ፡ ኤርትራን ኤርትራውያንን ዘበርክቶ ብልጫን ዓወትን በቲ ሓደ፡ ብሸኽሊ መግዛእቲ ዝኸፈልዎ ዋጋን መሰዋእትን ግፍዕን ድማ በቲ ካልእ፡ ማዕረ ክንደይ ረዚን ምንባሩ ይብርሃልካ። ብቐንዱ'ውን ኣቲ ኹ ክሳብ ሕጂ ብዘዮጉኡ ዘይተበርበረ ዘሎ ስፖርታዊ ዓቕሚ ሃገርና፡ ከም ወርቂ ተደጕሉ ከም ዘሎ የንጸብርቐልካ። እቲ ምንታይ፡ ኩሉ ዓወትን ምዕባለን ብስራሕ ዝረጋገጽ ስለ ዝኾነ እንተ ደኣ ተሰሪሑሉ፡ ክበጽሕ ዘይክእል ኣይኮነን። ኤርትራውያን ኣብ'ቲ መሪር እዋን መግዛእቲ'ኳ ክንዲዚ


ኣቶ ዮናስ ምሕረትኣብ (ፋፋ)

ዝኣክል ዓወትን ጸብለልታን ካብ ነበርና፡ ኣብ'ዚ እዋን ናጽነትን ብዙሕ ዕድላት ዝረኸብሉ ዘለዉ መድረኽን ደኣ ማዕረ ክንደይ፡ ንስፖርት ሃገርና ናብ'ቲ ጥርዚ ምዕባለን ዓወትን ክብጽሕዎ ዘይክእሉ።

'ዝወዓለ ይንገር' ከም ዝበሃል፡ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ቀሪቡ ዘሎ ሃብታም ስእልታት፡ ብኣካል ናብ'ቲ ቦታ ከይደኩም ክትዕዘብዎ በዚ ኣጋጣሚ እናዘኻኸርና፡ ኣብ'ቲ ናይ መኽፈቲ ስነ ስርዓት ተረኺብና ንገለ ካብ'ቶም ኑቲ መደብ ንተዓዚቡቲ መግለጺ ዝሀቡ ዝነበሩ ጉዳይም ስፖርተኛታት ተወኪስና ዝነበሩ ርእይቶ ኢና ናጥቕሰም ከንበለ። ፈለማ ብፍቱ ተቦጊሶ ካብ ሰድራቤታት ስፖርተኛታት ስእልታት እናምጽኡ ነቲ ንኣስታት ሓደ ክፍለ ዘመን ዝወቅል ስእላዊ ኤግዚብሽን ዘዳለወ ኣባል መ/ጎ/ሓ/ሚ/ምክልኻል የናስ ሃይለ (ፒፖ) ኢና ተወኪስናዮ።

ጋዜጠኛ ስፖርት መ/ጎ/ሓ/ሚ/ምክልኻል የናስ ሃይለ (ፒፖ) ኣብ ስፖርት ልዑል ፍቕርን ተገዳስነትን ዘለዎ ኮይኑ፡ ቅድሚ ሕጂ'ውን ብሓገዝ ሚኒስትሪ ምክልኻል ብሓፈሻ፡ ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ድማ ብፍላይ፡ ሞራልን ደገፍን እናተጉብረሉ፡ ክልተ ግዜ ንኽብሪ 20 ስነ ዝውክል፡ ናይ ስውኣት ስፖርተኛታት ቅድምን ድሕርን ናጽነት ዝገልጽ ስእላዊ ኤግዚብሽን ኣብ ዞባ ማእከል ኣቕሪቡ እዩ። ዕላማ ናይ'ዚ ብሰፊሕ ኣቕሪቡዎ ዘሎ ንኹሉ ዓይነታት ስፖርት ሃገርና ዝገልጽ ኤግዚብሽን ድማ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ንኽብሪ ናጽነት ዘድምቕ፡ ኣብ ምውርራስ ታሪኽ ስፖርት ሃገርና ናብ ሓዱሽ ወለዶ፡ ከም ድልድል መራኸቢ ኮይኑ ከም ዘገልግል ይገልጽ።

ብመሰረት ሓበሬታ የናስ ሃይለ (ፒፖ)፡ እዚ ቀሪቡ ዘሎ ኣሰኣል፡ ካብ 1930ታት ጀሚሩ ክሳብ 2026 ዘጠቓልል'ዩ። ኣብ ክልተ መድረኽ መቒልና ክንርእዮ ድማ ንኽእል። እቲ ቀዳማይ መድረኽ፡ ነቲ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን፡ እንግሊዝ፡ ስርዓት ሃይለስላሰን ደርግን ዝውክል ኮይኑ፡ ኤርትራውያን ብጸቢብ እናሓለፉን ከቢድ ብደሆታት እናገጠምዎም፡ ስምምን ስም ኤርትራን እናጸወዑ፡ ንዝሓለፍዎ ዝነበሩ


ኣቶ ንጉሰ ወልደስላሴ

ስፖርታዊ ዓወታት ዝገልጽ እዩ። እቶም ኣብ'ቲ ሽዑ ግዜ፡ ንወገናቶም ክድግፉ ዝመጹ ዝነበሩ ተዓዘብቲን ኣፍቀርትን ስፖርት ድማ፡ ኣብ ምዕዋቶም ልዑል ግደ ከም ዝነበሮም፡ ነቲ ኣሰኣል ዝገልጹ ዝነበሩ ጉዳይም ስፖርታውያን ዝገልጽዎ ዝነበሩ ሓቂ እዩ።

እቲ ካልኣይ መድረኽ ድማ፡ ካብ ግዜ ናጽነት ክሳብ ሕጂ ዝዘሎ ገዕዞ ስፖርታዊ ንጥፈታት ዘንጸባርቕ እዩ። ኣብ'ዚ ናይ 35 ዓመት፡ ኤርትራ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ስፖርት፡ ብደረጃ ሃገር፡ ኣህጉርን ዓለምን፡ ዓበይቲ ዓወታት ከም ዝተጎናጸፈት ዘበርህ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ኣፍሪቃ እናኸደት ዝተጎናጸፈቶ ዓወት፣ ኣብ ብሽክለታ ክሳብ ኣብ ቱር ዲ ፍራንስ



ዝሓለፈስቶ ዓወት፡ ኣብ ኣትለቲክስ'ውን ብተመሳሳሊ ዝጸሓፈቶ ዘኹርዖን ዘይትን ዓወታት ቀሪቡ ኣሎ። ኣብ ካልእ ዓውድታት ስፖርት'ውን ሓያለ ዓወታት ከምዝተሓፍሰ፡ ኣብ'ቲ ስእላዊ ኤግዚብሽን ሓደ ድሕሪ ሓደ ተንጸብሪቑ ኣሎ።

ቀጺልና ዘዘራረብናዮ፡ ሜጀር ፍስሃየ ተኽላይ (ቀይሸብር) ግዝያዊ ሓላፊ መ/ጎ/ሓ/ሚ/ምክልኻል'ዩ። ሜጀር ፍስሃየ፡ እዚ ቀሪቡ ዘሎ ስእላዊ ኤግዚብሽን፡ ስፖርት ሃገርና እንታይ ከም ዝመሰለን ንዝመጽእ ዘሎ ወለዶ ዘመሓላልፎ መልእኽትን ዝሕብር ምኻኑ ጠቒሱ፡ ኤርትራ ናይ ስፖርት ባህሊ ዝነበራ ሃገር ምኻናን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ድማ ዝለዓለ ናይ ስፖርት ብቕዓት ሐዛ ዓወታት ትጎናጸፍ ከም ዝነበረትን ክትግንዘብ ዘኽእል ትሕዝቶ ተዳልዩ ከም ዘሎ ገሊጹ። እዚ ከኣ፡ ኤርትራ ኣብ ምምዕባል ስፖርት ንእትጻወቶ ዘላ ተራ ዘጉልሕ ስለ ዝኾነ፡ ብሕጂ'ውን ዝተረፉ ኣሳእል ተመሊኦም፡ ኣብ ሃገርና ዝበረ ስፖርት ብዮጊቡእ ክሰነድ


ኣቶ የማነ ካሕሳይ (ኣቻዮ)

ኣዘኻኺሩ፡ ንኣዳላዊ ናይ'ቲ መደብ መንእሰይ የናስ (ፒፖ) ድማ ኣመስጊኑ።

ጉዳም ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ጋንታ ኢለክትሪክ ዝነበረ፡ ኣቶ የማነ ካሕሳይ (ኣቻዮ)፡ ኣካል ናይ'ቲ ታሪኽን ዓወትን ስፖርት ሃገርና ኮይኑ፡ ብኣካል ክዕዘብ ኢና ረኺብናዮ። ንሱ፡ በዓል ናጽነት ምስ ሰድራቤቱ ንምብዓል፡ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ካብ ሃገረ ካናዳ ዝመጸ ኮይኑ፡ ነየም መጻወትቱን ደቂ ጋንታኡን ዝነበሩ፡ ገሊኦም ብህይወት ዘለዉ፡ ገለ ድማ ብመስዋእትን ብሕማምን ካብዚ ዓለም ዝተፈለዩ ጉዳይም ስፖርታውያን እናተዓዘበ፡ ኣብ ዝተፈራረቐ ሓሳብን ትዝታን ኢና ረኺብናዮ። ብዝተፈራረቐ ስምዒት ተዋሒጡ ድማ፡ "ብዮኣ'ዚ ኣሳእል ንድሕሪት ተመሊሰ ብዙሕ ክዝክር ክኢለ፡ እቲ ሽዑ ዝነበረ ጉብዝናን ሃገራውነትን፡ መግዛእቲ ዝፈጠሮ ሞትን ግፍዕን ተቐጂሉኒ። ኤርትራውያን ኣብ ኩበዲ ጸላኢ ኮይናም፡ ንምምዕባል ስፖርት ዝኸፈልዎ ዋጋ ቀሊል ከም ዘይኮነ ድማ ኣዘኻኺሩኒ። ስለዚ፡ እዚ ስእላዊ ኤግዚብሽን ንዝሓለፈ ታሪኽና ሰሪዱ ምስ ህዝቢ ዘራኽበና ስለ ዝኾነ፡ ብሉጽ ስራሓት'ዩ። ንየናስ ፒፖ ድማ ዘለኒ ስራሕ ሰሪሕካ እብሎ" ክብል ገሊጹልና።


ንኣቻዮ ተኪኦም ንዓውዲ ስፖርት ኩዕሶ እግሪ ዝቐጸልዎ፣ ምስ ሕርያቲ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ተመሪጾም ድማ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተጻወቱን ሓያለ ዓወታት ዝሓፈሱን፣ ከምኡ'ውን ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ምስልጣን ተካእቲ ወለዶ ስፖርተኛታት ዝዋጹ ዘለዉ ጉዳይም ስፖርተኛታት ኣቶ የሴፍ ተኽለን ኣቶ የናስ ምሕረትኣብን (ፋፋ)፡ ትዕዝብቶም ከፍሉና ተወኪስናዮም ነይርና። ንሳቶም፡ እዚ ቀሪቡ ዘሎ ስእላዊ ኤግዚብሽን ህያው ምስክር ናይ'ቲ ዝሓለፈ ቅያን ዓወትን ስፖርት ሃገርና ዘንጸባርቕ ስለ ዝኾነ፡ ብትሕዝቶኡ ዕጉባት ምኻኖም ገሊጾም። ሕጂ'ውን እቲ ዕቑር ዓቕሚ


ወ/ሮ ሚርያም ሃብተማርያም

ኤርትራውያን ኣብ ቦታኡ ስለ ዘሎ፡ ንምዕባለ ስፖርት ሃገርና፡ ተራ ነየምን ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላትን ክየዕዝዞ ብምልባው፡ የናስ ፒፖ ክቕጽሎ ተላብዮም።

ወ/ሮ ሚርያም ሃብተማርያም'ውን ሓንቲ ካብ'ተን ካብ ንእሽቶ ጀሚራ፡ ኣብ ሜዳን ድሕሪ ናጽነትን ንጸወታ ኩዕሶ እግሪ ብዘለዓለ ዝቐጸልዮን ንብዙሓት መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ኣብነት ክትከውን ዝበቕዐትን'ያ። ጸወታ ምስ ኣቋረጸት'ውን ከም ኣሰልጣኒት፡ ከም ምክትታል ደቂ ኣንስትዮ፡ ከም ኣደ መንበር ደቂ ኣንስትዮ፡ ከም ይግባይ ኮሚቴ ወዘተ ዝሰርሐትን ኻ'ውን ኣብ ምምዕባል ስፖርታውያን ደቂ ኣንስትዮ ዘይሕለል ጻዕሪ ተካይድ ዘላ'ያ። እዚ ቀሪቡ ዘሎ ስእላዊ ኤግዚብሽን፡ ካብ 1950ታት ጀሚሩ ንዝነበረ ሕሉፍን ህሉውን ታሪኽ ስፖርት ደቂ ኣንስትዮ ብዘዮጊቡእ ዘንጸባርቕ ኮይኑ ከምዝረኸበቶ ገሊጻ፡ ሕጂ'ውን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ብዙሕ ዕቑር ሓይሊ ስለ ዘሎ፡ ንምሕያሉን ሓያል ወፍሪ ክተየድ ኣዘኻኺራ።

ኣቶ ንጉሰ ወልደስላሴ'ውን ካብ 1979


ኣቶ ዮሴፍ ተኽለ

ክሳብ 1992 ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ዝጠፈ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድራት ኣርባዕተ ግዜ ዝተሳተፈ፡ ጉዳም ተቐዳዳማይ እዩ። ንሱ፡ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ዓውዲ ስፖርት፡ ብዝተፈላለየ ጽፍሒ ንዌሕ ዓመታት ዘበርከተ ኮይኑ፡ እዚ ቀሪቡ ዘሎ ኤግዚብሽን ዘሐብን ታሪኽ ኤርትራውያን ስፖርተኛታት ዘዘንቱን ንቐጻሊ ክሰርሓሉ ዘዘኻኽርን ኮይኑ ከም ዝረኸቦ ገሊጹ፡ ብዙሓት ናእሹቱ መንእሰያት፡ መጺኦም ክዕዘብዎ ድማ ተላብዩ።

ኣብ ግዜ ስርዓት ደርግ፡ ብኣክርባት ዝብል ስም ዝፍለጥ ዝነበረ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ድማ ብሰርከስ ዝጽዋዕ ዘሎ ዓውዲ ስፖርት'ውን ኣካል ገዕዞ ታሪኽ ስፖርት


ሜጀር ፍስሃየ ተኽላይ

ኤርትራ ናይ ሓደ ዘመን ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ ኤግዚብሽን ቀሪቡ እዩ። ዓውዲ ስፖርት ሰርከስ፡ ኣብ ኤርትራ ኣብ 1970ታት ክጀምር ከሎ፡ ሓንቲ ጓለንስተይቲ ብእትርከቦም ውሑዳት መንእሰያት'ዩ ፈሊሙ። ክሳብ ናጽነት ብሸምኡ እናቐጸለ ከኣ፡ ናጽነት ብዝፈጠሮ ዕድል፡ ቀጽሪ ተሳተፍቲ ናብ ሰላሳታት ክየዓቢ፣ ኣብ'ዚ ዝጥፍኡ ዜጋታት ድማ ክሳብ ናብ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ኬንያ፡ ፈረንሳ ወዘተ እናኸዱ፡ ናይ ምምሃል፡ ምትዕጽጻፍ ኣካላት፡ ናይ ኢድ ጸወታ (ጃግሊን)፡ ብሓንቲ ጎማ ብሽክለታ ምንቅስቓስ፡ ኣብ መንኩብ ምሽቅቓል ወዘተ መሳጢ ምርኢት ከቕርቡ ክኢሎም እዮም።

ጋዜጠኛ የናታን የዕበዮ ድማ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ 1980ታት ጀሚሩ ኣብ ምትዕጽጻፍ ኣካላት (ሰርከስ) ዝጠፈ እዩ። ኣብ በዓል ናጽነት 1993፡ ኣብ ሳዋ፡ ኣቑርደት፡ ከረን፡ መንደፈራ፡ ደቀምሓረ፡ ዓዲ ቀይሕ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ብምኻድ ክኢ ምርኢት ዘቕረበ እዩ። ኣብ'ዚ ኤግዚብሽን'ውን ብዕቤቲ ንሰርከስ ወኪሉ ዝቐረበ ኣሰኣል መግለጺ ንተዓዘብቲ እናሃበ ኢና ረኺብናዮ። ሰርከስ ኣካል ታሪኽ ስፖርት ሃገርና ኮይኑ ምቕራቡ ዝተሰመዖ ሓጎስ ብምግላጽ ድማ፡ እዚ ስፖርት'ዚ ዕድመን ጸታን ዘይፈሊ፡ ኣዝዩ ኣዘናጋዕን ፈጠራዊ ክእለት ከተዕቢ ዝኽእል ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ምብርጋዑ ኮሚሽን ባህልን ስፖርት ብዝሓየለ ክሰርሓሉ ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ የናስ ሃይለ (ፒፖ)፡ ነዚ ዕዉት ስራሕ ኮዳሉ፡ ሞራልን ምትብባዕን ንዘጉበሩሉ ወገናት ብፍላይ ንመ/ጎ/ሓ/ሚ/ምክልኻል፡ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ፡ ሃገራውያን ፌደረሽናት፡ ትካል ጃምጥ ግሎስ፡ ቤት ማሕተም ዲስ፡ ጉዳይም ስፖርተኛታትን ወለዶምን ካልኦት ወገናትን ልባዊ ምስጋንኡ ብምቕራብ፡ ኣብ ቀጻሊ'ውን ንዕበየት ስፖርት ሃገርና ካብ'ዚ ብዘበለጸ ክሰርሕ ዘለዎ ጽንዕ እምነት ገሊጹ። እዚ ምርኢት ክሳብ 26 ግንቦት ንህዝቢ ክፉት ስለ ዝኾነ ድማ፡ ነዚ ታሪኽና ዝገልጽ ቀሪቡ ዘሎ ስእልታት፡ ኩሉ ሰብ ክዕዘቦን ርእይቶኡ ክህበሉን ተላብዩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደቡብ - ጉያ ናጽነት ተኻይዱ

ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ ደቀምሓረ፡ 'ጽንዓትና ዋሕስና' ብዝብል ቴማ ዝተወደበ ሓበራዊ ውድድር ጉያ፡ ብ17 ግንቦት ተኻይዱ።

ኣብቲ ህዝቢ ከተማ ደቀምሓረ ዝተሳተፎ ናይ ሓበር ጉያ ዘጠቓለለ ውድድር፡ ካብ ንኡሳን ዞባታት ዞባ ደቡብ ከምኡ'ውን ካብ ሃገራውያን ክለባት ዝመጹ 57 ደቂ ኣንስትዮን 87 ደቂ ተባዕትዮን ኣትሌታት ተጻዊቶም።

ኣብ 3 ሽሕ ሜትሮ ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሰደና ግርማይ ካብ ዓዲ ቐይሕ ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ራድያ መሓመድ ካብ ሰንዓፈ፡ መርሃዊት ሃይለ ካብ ዓዲ ኳላ ስዒበንኣ ኣትየን።

ኣብ 5 ሽሕ ሜትሮ ደቂ ተባዕትዮ፡ ብእምነት ምሉእ - ዓዲ ቐይሕ፡ ሮሞዳን ኢብራሂም - ሰንዓፈ፡ ሓበን ኣማኒኤል - ዓዲቐይሕ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺኦም።

ምኩራት ኣትሌታት ሃገርና ዝተሳተፍኦ ናይ 10 ሽሕ ሜትሮ፡ መሳጢ ነይሩ። ኣሉምፒካዊት ኣትሌት ናዝራት ወልዱ ካብ ክለብ ጋሹባርካ ደሞ፡ ንጸጋት ኣማኒኤል ካብ ክለብ ደቡብ ከምኡ'ውን ብውልቃ ንዝተወዳደረት ስምረት መርሃዊ ኣኸቲላ ቀዳመይቲ ኣትያ።

ኣብ ተመሳሳሊ ርሕቀት ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ብውልቁ ዝተወዳደረ የብል ዘርኢት ቀዳማይ ክኣቱ እንከሎ፡ ኣትሌታት ዞባ ደቡብ - ተኽለሃይማኖት ብርሃነ ሞኸስ ሽማይን ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም።

ብዘይካዚ፡ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ኣብ ዝተሳተፍዎ ሓበራዊ ጉያ (ማስ ስፖርት)፡ ኣብ ናይ መንእሰያት ትዕበ ጸጋይ፡ ትብለጽ ጠዓመን ልዋም መሓሪን፡ ብደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ዳኒኤል ሰለሙን፡ ሰመረ የውሃንስን ዩኤል መንቆርያስን ተዓዊቶም።

ኣብ ዓበይቲ ኣራጋሺ ነጋሲ፡ ሳባ ክፍለን ሳሊና ሞኸሰን፡ ብደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ተስፋኣለም ተኽለየሱስ፡ ምሕረትኣብ ተኽሉብርሃን ተኽለሚካኤል መልኣከን ተመራሪሖም ኣትዮም።



ብዘውሻሽ፡ ኣብ ህጻናት ደቂ ኣንስትዮ መኽሰብ የሴፍ፡ ማርታ ተኽሉብርሃንን ሊልያና ተኽልዝጊን፡ ከምኡ'ውን ናትናኤል ደሳሉ፡ ናትናኤል ክብረኣብን በረኸት ፍቓዱን ተኸሊሞም።

ኣብቲ ብጨንፈር ኮምሽን ስፖርት ዞባ ደቡብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ደቀምሓረን ዝተወደበ ስፖርታዊ መደብ፡ ብሓፈሻ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻዱሻይ ንዝወጹ ኣሰታት ልዕሊ 80 ሽሕ ናቕፋ ሽልማት ከም እተዋህበ፡ ወኪል ዜና ናይቲ ዞባ ሓቢሩ።

ኣብቲ ኢጋጥሚ፡ ፕረዚደንት ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ደቡብ መም/ ሙሴ ከበደ፡ ሓበራዊ ጉያ ናጽነት ንዝኸሪ ዛዕሚ ኩናት ግንባር ደቀምሓረን ጽንዓል በዓል ናጽነትን ንምድማቕ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ብዘበሶ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዝፈለመ መደብ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ካብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ጀሚሩ ግን፡ ብደረጃ ዞባ ሃገራውያን ጋንታታት ኣትሌቲክስ ዝሳተፍኦ ሰፊሕ መደብ ኮይኑ ይቕጽል ከምዘሎ ኣብሪሁ።

## ቅድድም ብሽክለታ 'ዋንጫ ናጽነት' ተዛዚሙ

ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ዓመታዊ ዝሳሰል ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 17 ግንቦት ኣብ ከባቢ እንዳማርያም ካልኣይ መድረኽ ብምስልሳል ተዛዚሙ።

ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ 105 ኪሎሜተር ተሰሪዖሎም። ኣቢታ ኣባል ኣስቤኮ ናታን መድሃኔን ተቐዳደምቲ ሰምበልን ብሉጽ ጸወታ ዘርኣዩላ መድረኽ፡ ኣቐዲማ ካብ ዓባይ ጉጅለ ቀሪጻ ዝኸደት ጉጅለ ብዓባይ ጉጅለ ከይተዋሕጠት ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ በጺሓ፡ ተቐዳዳማይ ክሉብ ደንደን ሚካኤል ዳኒኤል ደሞ፡ ንመወዳድርቱ ብሰፊሕ ፈልዩ ብ2 ሰዓት፡ 42 ደቒቕን 21 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ። ኤሸን ረዳእ ካብ ኣስቤኮን ተቐዳዳማይ ኤሪትል ኤሉድ ክፍለማርያምን ድማ ብተመሳሳሊ ግዜ ካልኣይን ሳልሳይን ተርታ ሒዞም።

ኣኸሊሉ ኣተሸም ደንደን፡ ናትናኤል የናስ - ሰምበል፡ ናታን መድሃኔ - ኣስቤኮ ድማ፡ ክሳብ ሻዱሻይ ዘሎ ደረጃታት ተማቒሎሞ።

ብማሰረት ናይ ክልተኡ መድረኻት ወጽኢት፡ ሚካኤል ዳኒኤል ብ5 ሰዓት፡ 12 ደቒቕን 7 ካልኢትን ዕወት 'ዋንጫ ናጽነት' ኮይኑ። ኤሉድ ክፍለማርያምን ኤሸን ረዳእን ብተመሳሳሊ ብመዓልቲ ተበሊጾም መድረኽ ደይቦም።

ብጋንታ ኣስቤኮ ብ15 ሰዓት፡ 36 ደቒቕን 46 ካልኢትን ተዓዊታ፣ ደንደን ብ14 ካልኢት ድሒራ ካልኣይቲ፡ ሰምበል ድማ ብ53 ካልኢት ድሒራ ሳልሳይ ተርታ ሒዛ።

ደቂ ኣንስትዮ፡ 71.4 ኪሎሜተር ሸፊነን። ኣብዛ ኣርባዕተ ተቐዳደምቲ ኣጥቂዐን ብምኻድ ሕንጻጽ ዝረገጸላ መድረኽ፡ ኣባል ዓራግ ኣርሴማ ዓንደጸዮን እያ ብ2 ሰዓት፡ 11 ደቒቕን 47 ካልኢትን ቀዲማ ሕንጻጽ ረጊጻ። ቤተልሄም ክፍለ - ጋንታ ደቡብ፡ ኣርሴማ ሃብተሚካኤል - ሰራየር ሳዋ፡ ኤልዳና ተኽለማርያም - ደንደን፡ ምስ ኣርሴማ ብተመሳሳሊ ግዜ ክሳብ ራብዓይ ተርታ ሒዘን። ቤትኤል እስቲፋኖስ - ጋላ ኣፍሪ ከምኡ'ውን ብርኽቲ ፍስሃ ዓራግ ድማ፡ ሓሙሻይቲን ሻዱሻይቲን ኣትየን።

ኣብ ሓፈሻዊ ግዜ ኤልዳና ተኽለማርያም፡ ብ4 ሰዓት፡ 11 ደቒቕን 16 ካልኢትን ዕውትቲ ዋንጫ ናጽነት ብምዃን ኣኽሊል ዓወት ደፊኣ። ኣርሴማ ዓንደጸዮንን ቤተልሄም ክፍለን ሰዒበንኣ። ኣብ ማእከሎት (ጁንየር) ከኣ፡ ኤልዳና፡ ኣርሴማ ዓንደጼን ከምኡ'ውን ኣባል ሰራየር ሳዋ ሰዶን ሃብቶም ተዓዊተን።



ዕዉታት ሓፈሻዊ ግዜ ፡ ሚካኤል (ማእከላይ)፡ ኤሉድ (ጸጋማይ) ኤሽን (የማናይ)

ደንደን ከኣ፡ ብ12 ሰዓት፡ 34 ደቒቕን 46 ካልኢትን ንኻይ ጋንታ ውድድር ተዓዊታትሉ፡፡ ዓራግን ደቡብን ድማ ኣሰራ ሰዒበን።

ማእከሎት (ጁንየር) ተቐዳደምቲ ደቂ ተባዕትዮ፡ ተመሳሳሊ ከም ናይ ደቂ ኣንስትዮ ርሕቀት ተሰሪዑሎም። ተቐዳዳማይ ደንደን የናታን ቴድሮስ ደሞ፡ ንኣባል ኤሪትል መሓሪ ኣኸሊሉ ከምኡ'ውን ተቐዳዳማይ ትጸበት ናትናኤል መሓሪ ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ፡ ዳይሞንድ ሰለሙን - ኣስቤኮ፡ ናኤብ ሙሴ - ብውልቁ፡ ሴም ፍስሃ - ኣሰር ክሳብ ሻዱሻይ ዝሎ ደረጃ ሒዞሞ።

ብወሃሊል ግዜ ክልተኡ መድረኽ ድማ፡ ናትናኤል መርሃዊ ካብ ትጸበት ብ3 ሰዓት፡ 26 ደቒቕን 2 ካልኢትን ዕወት ናይዚ ውድድር ኮይኑ። ዳይሞንድ ሰለሙንን ኣባል ጋንታ ዝ ጥንዳ ሄኖክ ኣብርሃምን፡ ሓቢሮም ምስኡ ኣብ ፖድየም ደይቦም።



ኣብ ማእከሎት (ጁንየር) ዝተዓወታ ኤልዳና (ማእከለይቲ) ኣርሴማ (ጸጋመይቲ) ሲዶን (የማነይቲ)

ብናይ ተቐዳደምታ ባጀት እትንቀሳቐስ ክሉብ ትጸበት ድማ፡ ነተን ብዓበይቲ ትካላት ዝምወላ ዓበይቲ ጋንታታት ዞባ ማእከል በሊጻ ቀዳመይቲ ኮይና ተዓዊታ።

ብዘይካዚ፡ ጸወታ ጉዳይም ተቐዳደምቲ ክልተኡ ጾታ ኣካል ናይቲ ዕለት ነይሩ። ሉተንክኤል ፍስሃ፡ ሰብለ ኣለሙን ሮግኣት ተኽለን ተመራሪሐን ክኣትዋ እንከለዋ፡ ምብራቕ ተወልደን ሩታ ምስየኸን ድማ ኣብ ናተን ደረጃ ተመራሪሐን ኣትየን።

ኣብ ዝኣሰ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዓብደልከሪም ዓብደልወሃብ፡ መርሃዊ ክብሮምን ሴም ርእሶምን፡ ኣብ ማእከሎት - ዓንደማርያም መሓሪ፡ መድሃኔ ተኽለማርያምን ፋኑኤል ጸጋይን፣ ኣብ ዓበይቲ ከኣ፡ ዳዊት ጸጋይን ኢብራሂም መሓመድን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺኦም። ተኽሊት ኢሳቕ (ሳንዲያጎ) ከኣ፡ ናይቲ ዕለት ብሉጽ ተቐዳዳማይ ተጸዊዑ።

## ፈንቅል ብክልቲኡ ጾታ ተዓዊታ

### ባሕቲ መስከረምን ሳሊናን ዕዉታት ኮይነን

ብምኽንያት በዓል ናጽነት ክካየድ ዝጸንሐ ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ገምገም ባሕሪን ዞባ ማእከል፡ ብቐዳምን ሰንበትን ተዛዚሙ።

ኣብ ሜዳ መዓስከር ደንደን ኣብ ዝበረ ናይ ገምገም ባሕሪ ጸወታ፡ ጋንታታት ፈንቅልን ዓንበርበብን እየን ብክልቲኡ ጾታ ኣብ መዛዘሚ ተራኺበን። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ንኸም ዝብረያናስን ሰሚራ መሲን ዝጠርነፈት ፈንቅል ደሞ፡ ኣብ ክልተ ሴት ኣከታቲላ ዓቢላ ብምቕራብ 2ብ0 ተዓዊታ።



ተጻወትቲ ጋንታ ፈንቅል

ኣብ ዝዓበት ግጥም፡ እታ ከይተሳዕረት ናብ መዛዘሚ ዝበጽሐት ብጠራኺ ሃይለ እትሰልጥን - ንምኩር ተጻዋታይ ሽደን ተስፋይን የውሃንስ ዑቕባማርያምን ዝሓቑፈት ዓንበርበብ፡ ምስታ ብሰናይ ደርጋ እትሰልጥን - ንተጻወትቲ ሰመረ ሃይለሚካኤልን ናታን የማነን ዝጠርነፈት ፈንቅል እየን ተራኺበን። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብቐዓታ እናመሓየሸት ትመጽእ ዘላ ፈንቅል ከኣ፡ ንጸወታ ኣከታቲላ 2ብ0 ዛዚማቶ። ዓንበርበብ ግና፡ ኣቐዲማ ከይተሳዕረት ናብ መዛዘሚ ብምብጽሓ፡ ብማሰረት ሕጊ ናይ ጸወታ፡ ሓንቲ ሴት ኣብ 21 ነጥቢ እትዛዘም ተሰሪዓትለን። ዓንበርበብ መሪሓ ኣብ ዝኸደትሉ ክትዛዘም እያ እናተባህለ እንከሎ ከኣ፡ እታ ብዘበዘሐ ደገፍታ ማማቒ ዝበረት ፈንቅል ንጸወታ ኣሕሊፋ ክትሃብ ኣይመረጸትን፣ ኣርኪባ ብምስዓር ብድምር 3ብ0 ተዓዊታ። በዚ ከኣ፡ ፈንቅል ብክልተኡ ጾታ ክትዕወት ክኢላ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብቐዳም ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥን'ውን ናይ መዛዘሚ ጸወታ ኣካይደን። በዚ መሰረት፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ሳሊናን ፈስቲቫልን ሓያል ተወዳዲርት ኣብ ዘርኣያሉ ግጥም፡ ሳሊና 2ብ1 ተዓዊታ። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ባሕቲ መስከረምን ደምባ ሰምበልን ኣብ ዝገጠማሉ፡ ባሕቲ መስከረም 3ብ1 ተዓዊታ።

ዕዉታት ዝተዳለወለን ናይ ገንዘብ፡ መዳልያን ዋንጫን ሽልማት ካብ ዕዱማት ሓለፍቲ ምቕባለን፡ ህዝባዊ ርክብት ናይቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

## እቲ 'ፍሉይ' ናብ ማድሪድ ተመሊሱ

### ካርቫሃል፡ ካብ ማድሪድ . . .

ንብሱ እቲ ፍሉይ (The Special one) ክብል ዘጠመቓ ስሙይ ዓሰልጣኒ ሆዘ ሞሪኖ፡ ናብ ሪያል ማድሪድ ተመሊሱ።

እቲ ፖርቱጋላዊ፡ ሓደ ዓመት ክወሰኽ ኣማራጺ ብዘለዎ ውዕል፡ ክሳብ 2028 ኣብዛ ስጳኛዊት ክለብ ክጸንሕ ተሰማሚዑ ኣሎ።

ኣንጻት ብዘለዎም ከዋኽብቲ ተጻወትቲ ተተኽቲኻ ዘላ ሪያል ማድሪድ፡ በቲ ንብሱ 'ፍሉይ' ኢሉ ዝጽውዓ ኣሰልጣኒ ገደራ ነቲ ካብ ቀጽጽሪ ወጺኡ ኮይኑ ዘሎ ዘይምርድዳእ ተጻወትታ ከተዕርዮ ትጽበት ይግበረላ።




ሞሪኖ፡ ነዛ ክለብ፡ ካብ 2010 ክሳብ 2013 ዓሊሙዋ ምንባሩ ይዝከር። ኣብ ወቕቲ'ዚ ንክልፊኣ ኣብ ምዕላም ዘሕለፎ ሞሪኖ፡ ካብ 34 ናይ ሊግ ግጥማት ከይተሳዕረ ዛዚሙዋ - እዛ ክሉብ ኣብ 23 ዓወት ኣመዝጊባ ኣብ 11 ማዕረ ወጺኣ። ይኹን'ምበር፡ በተን ክልተ ግዜ ዝተሳዕራን ዝውሓደ ግዜ ማዕረ ዝወጸን ፖርቶን ስፖርቲንን ተበሊጻ፡ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ወዲኣ።

ኣብ ወርሒ ጥሪ ንዓሰሚኣ ዝበረ ዣቢ ኣሎንሶ ዘቦረረት ሪያል ማድሪድ፡ ክሳብ ምዝዛም'ዚ ወቕቲ፡ ብየገዚያውነት ብኣልቫሮ ኣልበሎኣ ትዕለም ምህላዋ ይፍለጥ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ዳኒ ካርቫሃል፡ ድሕሪ ምዝዛም'ዚ ወቕቲ ውዕሉ ወዲኡ ክፋኖ ምኻኑ፡ ማድሪድ ትማሊ ኣብ ዘውጸኣቶ መግለጺ ኣፍሊጣ። እዚ ወዲ 34 ዓመት ተኸላኻሊ፡ ኣብ 2002 ናብዛ ጋንታ ድሕሪ ምጽንባሩ ን23 ዓመታት ተጻዊቱ - 10 ዓመታት ኣብ መሰልጠኒ (ኣካዳሚ) ማእከል፣ 13 ኣብ ቀዳመይቲ ጋንታ። ኣብ 450 ዝተፈላለዩ ግጥማት ተጻዊቱ፡ ሽዱሽተ ቻምፕዮንስ ሊግ ዝርከብዎም 27 ዋናጩ ድማ ዓቲሩ።

### መደብ ጸወታ

ፕሪመር ሊግ መበል 37 ሰሙን

ቦርንማውዝ - ማን ሲቲ 9፡30 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ቻይና፡ ካብ ኣመሪካ ፍርያት ሕርሻ ክትሸምት ተሰማሚዓ

ቻይና፡ ድሕሪ'ቲ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን መራሒኣ ሺ ጂንፒንግን ኣብ በይጂንግ ዘካየድዎ ርክብ፡ ብውሑዱ 17 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ፍርያት ሕርሻ ካብ ኣመሪካ ክትሸምት ምዃና፡ ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ ኣፍሊጡ።

ቻይና ብወገና፡ ነቲ ዕድጊ ክሳብ 2028 ኣብ ዘሎ ግዜ ክትፍጽሞ ምዃና ገሊጻ።

ምምሕዳር ትራምፕ፡ እዚ ሓድሽ ስምምዕ መቐጸልታ ናይ'ቲ ቻይና ኣብ ጥቅምቲ 2025 ኣስታት 87 ሚልዮን ቶን ባልዶንጓ ካብ ኣመሪካ ንምሽማት ዝኣተወቶ ውዕል ምዃኑ'ዩ ዘረድእ።

ቻይና ብዘወሳኺ፡ መሸጣ ስጋ ከብቲን ደርሁን ኣመሪካ ኣብ ዕዳጋታታ ክተፍቅድ'ውን ተሰማሚዓ ኣላ።

እቶም መራሕቲ ኣብቲ ናይ በይጂንግ ርክቦም፡ ኣብ ቁጠባውን ንግዳውን ጉዳያት ክልቲኣን ሃገራት ዝያዳ ኣተኩሮም ከም ኣተዛራረቡ እዩ ዝሕበር።



ሚኒስትሪ ንግዲ ቻይና፡ ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ዝተወሰኑ ንግዳዊ ፍርያት ተቐሚጡ ዘሎ መጠን ቀረጽ ከጉድላኦ ከም ዝኽእላ እኳ እንተ ገለጸ፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ግን ኣብ ጉዳይ ቀረጽ ኣመልኪቱ ዝሃቦ ሓበሬታ ከም ዘየለ እዩ ዝገለጸ።

ክልቲኦም መራሕቲ ኣብ ዝመጽእ መስከረም'ውን ኣብ ዋሺንግተን ክራኸቡ ተሰማሚዖም ከም ዘለዉ፡ ኣገልግሎት ዜና ቻይና ኣመልኪቱ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ንግዳዊ ልውውጥ ኣመሪካን ቻይናን ኣስታት 415 ቢልዮን ዶላር እኳ እንተ በጽሐ፡ እዚ መጠን'ዚ ግና ካብቲ ኣብ 2022 ዝነበረ ኣስታት 690 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ንግዳዊ ልውውጥ ሰለጭ ዝበለ ምዃኑ እዮም ጸብጻባት ናይተን ሃገራት ዘገንዘቡ።

## ኣብ ቻይና ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣጋጢሙ



ትማሊ ሰኑይ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ቻይና - ዞባ ጉዋንሺ ብዝጋጠመ 5.2 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ክልተ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ ካልኦት ልዕሊ 7 ሽሕ ሰባት ድማ ካብ መረበቶም ክዛናበሉ ከም እተገደዱ፡ ሰበ መዚ ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

ብተወሳኺ፡ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ሓደ ሰብ ደሃይ ክሳብ ሕጂ ከም ዘይተረኽበን ኣርባዕተ ሰባት ድማ ቆሲሎም ከም ዘለዉ፡ ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ጸብጺበን።

ብዘይካ'ዚ፡ 13 ህንጻታት ከም ዝፈረሱ'ውን እተን ማዕከናት ዜና ወሲኸን ኣመልኪተን።

ኣገልግሎት መጉዓዝያ ባቡር ኣብቲ ዞባ'ውን ንግዚኡ ተቛሪጹ ከም ዘሎ፡ መስመራት መራኸቢታትን ሓይሊ ኤሌክትሪክን፡ መስመራት ቀረብ ማይን ጋዝን ግና ኣገልግሎት ካብ ምሃብ ከም ዘየቋረጹ ተገሊጹ።

ተደጋጋሚ ሓደጋታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከም ዘጋጥማ ዝንገረላ ቻይና፡ ኣብ 1556 ዘጋጠማ ተመሳሳሊ ሓደጋ፡ ኣብ ታሪኻ እቲ ዝለዓለ ሰብኣዊ መቕዘፍቲ ዘስዓበ ምዃኑ'ዩም ሰነዳት ዘመልክቱ።

በቲ ሽዑ ዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ፡ ብጠቕላላ 830,000 ቻይናውያን ከም ዝሞቱ ድማ፡ እቶም ሰነዳት ይጠቕሱ።

## እስራኤል፡ ኣብ ዒራቕ ወተሃደራዊ ነቑጣታት ተኺላ

እስራኤል፡ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ዒራቕ ክልተ ምስጢራዊ ወተሃደራዊ ነቑጣታት ኣቑማ ከም ዘላ፡ ጋዜጣ 'ኒውዮርክ ታይምስ' ጸብጺባ።

ብመሰረት እቲ ጸብጻብ፡ ሰበ መዚ ዒራቕ፡ ብእስራኤል ዝመሓደር ክልተ ሕቡኣት ንኣሽቱ ወተሃደራዊ መደበራት ከም ዝርከቡ'ዮም ዝሕብሩ ዘለዉ።

ሓይልታት እስራኤል፡ ካብ 2024 ኣትሒዞም ኣብቲ ከባቢ ወተሃደራዊ ነቑጣታት ንምቛም ምድላዋት ክገብሩ ከም ዝጸንሑ'ውን፡ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ጋዜጣ 'ዎል ስትሪት ጆርናል'፡ ቅድሚ ምጅማር ኩናት ኣብ ልዕሊ ኢራን፡ ኣብ ዒራቕ ብኣፍልጦ ኣመሪካ ሓደ ወተሃደራዊ መደበር ከም ዝቘመ ጸብጺቡ ነይሩ።

ዕላማ ናይቲ ወተሃደራዊ ነቑጣ፡ ንፍሉያት ሓይልታት እስራኤል ከም መዕቖቢን ማእከል ሎጂስቲክስን ኮይኑ ንምግልጋል ምዃኑ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ብመሰረት ጋዜጣ ኒው ዮርክ ታይምስ፡ ሓይልታት እስራኤል፡ ኣብ ዝሓለፈ መጋቢት፡ ኣብ ልዕሊ እተን ነቲ ምስጢራዊ ወተሃደራዊ ነቑጣታት ንምርካብ ናብቲ ከባቢ ዝተንቀሳቐሳ ኣሃዱታት ዒራቕ መጥቃዕቲ ፈጺሞም።

ምክትል ኣዛዚ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ስርሒታት ዒራቕ ሌተናል ጀነራል ቃይስ ኣል-መሓማዳዊ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቐዲሙ ናጻፍ ኣብ ዝበሃል ቦታ ዘይልሙድ ምንቅስቓስ ናይ ሰባት ከም ዘሎ ሓበሬታ ከም ዝበጽሖም ገሊጹ።

ሰብ መዚ ዒራቕ፡ ዝኾነ ናይ ጓዳም ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ኣብቲ ከባቢ ክህሉ ከም ዘይፍቅዱ እዮም ዘመልክቱ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን እስማዒል ባጋይ ብወገኑ፡ ሃገሩ ነቲ ጉዳይ ምስ ሰበ መዚ ዒራቕ ክትዛራረበሉ ምዃና ትማሊ ሰኑይ ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ "እስራኤል ኣብዚ ዞባ እትገብሮ ዘላ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ፡ ንዝኾነ ደረት ወይ ቀይሕ መስመር ከም ዘይተኸብር ዘርኢ እዩ" ኢሉ።



## ኢማራት፡ "ኣብ መደበራት ኑክሌር መጥቃዕቲ ተፈጺሙኒ" ትብል

ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ካብይ ከም ዝተቐልቀለ ዘይተፈልጠ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ኣብ ልዕሊ ኑክሌሳዊ ጸዓት ዘመንጩ መደበራ ከም ዝወደቓ ገሊጻ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ሳዕቤን ናይቲ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ሰፊኑ ዘሎ ልዑል ወጥሪ ምዃኑ'ውን ወሲኻ ኣመልኪታ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ኢማራት ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ እተን ሰለስተ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ብምዕራባዊ ዶብ ኣቢለን እየን ናብታ ሃገር ኣትየን።

እቲ ሚኒስትሪ ኣብ ሓበሬታኡ ወሲኹ፡ ክልተ ካብ'ተን ድሮናት ዕላመአን ከይወቕዓ ክምኽና ከለዋ፡ እታ ሳልሰይቲ ድሮን ግና ኣብ ዞባ ኣል ዳፍራ ኣብ ዝርከብ መደበር መመንጨዊ ኑክሌሳዊ ሓይሊ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት ሓቢሩ።

እንተኾነ፡ ኣብ ህይወት ሰብ ዝወረደ ጉድኣት ወይ ብኸላ ጸርጊ ንጡፍ ዌኣታ ከም ዘየለ'ዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢማራት፡ እቲ ግብረሽበራዊ መጥቃዕቲ ምዃኑ ዝገለጸ ተግባር፡ ንሃገራዊ ድሕነት ናይታ ሃገር ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ንኢራን ብትሪ ኮኒኑ ኣሎ።

ስዑዲ ዓረብ'ውን ኣብ ተመሳሳሊ መዓልቲ ካብ ዒራቕ ናብ ክሊ ኣየራ ዝኣተዋ ሰለስተ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ከም ዘምከነት ኣፍሊጣ'ላ።

ኢራን፡ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣመሪካ ዝተደኮናለን ሃገራት ወሽመጥ ዓረብ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ 28 ለካቲት ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊኣ ዝፈጸምኦ መጥቃዕቲ ግቢ ተራ ከም ዝነበረን እያ ትወቕስ።

ጋዜጣ 'ዎል ስትሪት ጆርናል' እውን፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣብ እዋን'ቲ ግጭት ኣብ ልዕሊ ኢራን ሕቡእ መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት፡ ዝሓለፈ ሰሙን ጸብጺቡ ምንባሩ እዩ ዝገለጸ።







| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 19/05/2026 | ጎደና እምባረሚ 755፡ ከባቢ ሚ/ሪ ሕርሻ | 181672 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services